ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.70 | ዓርቢ 20 ሕዳር 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ህይቲ - ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ናበይ የምርሕ`ኣሎ፧



ገጽ 4



ዝቀጸሪ ርእሲ ዓዲ ተሐሊብና ...

ገጽ 5 ዕቃበ ብረት፡ ለይቶን ሃዳሙን



ገጽ 7 ምልክታ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ወረቐት ሰራሕ ሽድሽተ ኣምባሳደራት ተቐቢሉ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 19 ሕዳር ኣቦ ሰዓታት ቀደሚቕትሪ ኣቦ መቐለኪ ኢጋደሽ ደንደን ኣቦ ዝዘንበረ ሰሓሮንት፡ ወረቐት ሰራሕ ሽድሽተ ኣምባሳደራት ተቐቢሉ።

እየም ወረቐቶም ዘቕረቡ፡ ኣምባሳደር ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ - ፈሊፕ ሞዲሴ፡ ኣምባሳደር ስዊዘርላንድ - ሚሲኑ ጉልዩቲ፡ ኣምባሳደር ሃንጋሪ - ዶር ሪታ ቨክሰርዮ፡ ኣምባሳደር ዮማን - ዓብዱላዚ በን ናስር ኣልራሕበ፡ ኣምባሳደር ንግስቱ ሰጀኛ - ዳጃል ለሳዳ ሚላር፡ ከምኡውን ኣምባሳደር ረፓብሊክ ኮርያ ፓርክ ሳንጉታኤ እዮም።

እየም ኣምባሳደራት ሰላምታን ሸፍይ ምጽዋትን መራሕየም ናብ መራሕትን ህዝብን ኤርትራ ድሕሪ ምቕራቡ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ሃገራቶምን ኤርትራን ንምድልዳልን ንምዕዛዝን ዘድሊ ጻዕሪ ከምኽይዱ ገለጸም።

ኣምባሳደር ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ - ፈሊፕ ሞዲሰን ኣምባሳደር ዮማን - ዓብዱላዚ በን ናስር ኣልራሕበን ንኡኽን ኣቦ ዝሰገሙ ቃልሲ ድልዱል ሰረት ዘለዎ ሕውነታዊ ዝምድናታት ምስ ኤርትራ ንምምዕባልን ናብ ዝበረሽ ናይ ምትሕብባር ደረጃ ክብ ንምባሉን ብወገን መምህርነታቶምን ሃገራቶምን ዝለሙ ድሌትን ድለውነትን ኣረጋገጸም።

ኣቦ'ቲ ኢጋጣሚ ሚስተር ጉዲዮት መጽኢ ኣቶ ዐሶማን ሳልሕ ከምኡውን ዳይሬክተር ኣብ ቤትጽሕፈት ፕረዚደንት ኣቶ ኣሚን ሓሰን ተረኽቦም ነይሮም።

ናቕፋ - ኣብ ሕጊ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤትጽሕፈት ፖሊስ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ኣፍልጦን ግንዘበን ሕጊ ዘበርኽ ንበጻህዊ ኣስተምህሮ፡ ብ12 ሕዳር ንህበርቲ ሂቡ።


ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ - ኮፕራል መሓሪ ተስፋሚካኤል፡ ንዕላማን ተልእኾን ፖሊሱ ሕማን ስኩምህበርን፡ ሲቪላውን ገዝኡውን ጉዳያት፡ ከምኡ'ውን ብሽለልትነት ዝፍጸሙ በደላትን ገዝትን ሳዕቤናቶምን ብዝርዝር ድሕሪ ምብራሁ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘድሕን ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡ ኣብ ሕጊ ብምብራኽ፡ ኣብ ምግታእ ገዝትን በደላትን ምቅላዕ ገዘኽታትን ምትሕብባሩ ከዘይድ ኣዘዋኺሩ።


ሓለፊ ምክልኻል ገዝን የናስ ተስፋልደት ብወሹ፡ ኣብ'ቲ ኮብ ዘሰፍፍ ጸጥታዊ ኩነታት'ኳ እንተዘይሃለው ንኹሉ እንተታት ድሉው ምኻን ኣብ ምክኪይ በደላትን ገዝትን ሒጋዚ ክምዝኾነ ብምግላጽ፡ ሃገርቲ ንቕሓትን ግንዘበን ብምዕባይ ምትሕብባርኩም ምስ ፖሊስ ከዕዝዙ ጸዊዐ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ ኣብ ዘመሓላለፎ መዘዞሚ መልእኽቲ፡ በደላትን ገዝትን ንምክልኻል ዝወሃብ ኣነቓቓሒ ኣስተምህሮታት ኣጉዳስኩ፡ ዕዙዝ ስለዝኾኑ ዜጋታት ብዋጋእ ክከታተልዎ ተማሕጸኑ።


ደቡብ ኣፍሪቃ

ስዓና


ሃንጋሪ


ኮርያ


ዮመን


ስዊዘርላንድ

ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

መግለጺ ብኣጋጣሚ 20 ሕዳር ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ 2026

ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ ብደረጃ ዓለም ንመበል 68 ዓመቱ ክብዓል ከሎ፡ ኣብ ሃገርና ድማ፡ "ኣብ ምህናጽ እሩም ወለዶ እጃምና ነበርክት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንመበል 35 ግዜኡ ተዘኪሩ ይብዓል ኣሎ። ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝ. ክቡር ዕለት ኣጋጣሚ ብምግባር "ንኹሉም ቈልዑን መላእ ህዝቢ ኤርትራን የሓና!" ይብል።

ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ካብ ነዊሕ እናተሰጋገረ ክወራረስ ዝጸንሐን ዘሎን ንኣተኣላልያን ኣተሓሕዛን ቈልዑ ዘማእዝን ሃብታም ባህልን ስነምግባራዊ ክብርታትን ሰረት ዝገበረ መለለዪ ኣለዎ። ትሽዓተ ብሄራት ዝሓቘፈ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንዘይእሩም ስነምግባራት "ነውሪ" ብምባል ኣብ ልዕሊ ዘይሰነምግባራውያን ተግባራት ተገቢ ስጉምቲ እናወሰደ ንደቁ ብክብርታትን እወታዊ ባህልን ካብ ዘሽነስከስ ነዊሕ ዘመናት ኣቑጺሩ ኣሎ። ኣብ'ቲ ጽንኩር ኩነታት ቃልሲ'ውን ንክብርታት ትሽዓተ ብሄራት ኣብ ሓደ ቀ'ራዕ ብምብጻል ዝመሰርሖ ነቐ ዘይብል ሰውራውን ሃገራዊ ክብርታትን ኑቶም ኣብ ደጀንን ሓራን ሓወሲ መሬት ዝበፍሩን ቈልዑን መንእሰያትን እሩማት ኣድማዕትን ወለዶ ኮይኖም ንኽህልዉ ኣብቂዑ እዩ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ሃገርን ህዝብን ዓቢ ኣበርክቶ ክነብሩ በቒዖም እዮም።

ድሕሪ ናጽነት'ውን መንግስቲ ኤርትራ ንኹሉም ባህላውን ሕብረ-ብሄራውን ክብርታትና ከም መርሓ ሃገራዊ ፖሊሲታትና ብምግባር፡ እሩም ወለዶ ንምፍናኻስ ብመንገዲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን መሻርኽቱን ኣቢሉ፡ ኣብ መሰልን ድሕነት ቈልዑን ኣተኩሩ ንምዕባለን ዕቤትን ቈልዑ ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሕ ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ ክሳዕ መሰረታዊ ድልየታት ቈልዑ ምቕራብ፡ ኣብ ቈልዑ ፍሉይ ቆላሕታ ገይሩ ኣብ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ኣእምሮኣውን መዳያት፡ ኣብ ድሕነትን ዕቤትን ቈልዑ ዘለዎ ዕዙዝ ግደ ንምርግጋጽ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ከም ኣገዳሲ ዕማም ወሲዱ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ዕቤትን ምዕባለን ቈልዑ ወሰንቲ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ኣብሪሁ ሰሪሑን ይሰርሕ ኣሎን። ካብዚ እምንኩርናዕ'ዚ ተበጊሱ መጻኢ ምዕባለን ውሕስነት ሃገርን ህዝብን ኣብ መሰረት ምፍንዋስን ምምሕዛርን ቈልዑ ከም ዝምርኮስ ኣይጠራጠርን።

ብመንገዲ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ኣደን ዕሸልን ውሑስ ንምግባር ዝቐየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ካልኦት ሃገረ ኤርትራ ንስነምግባርን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ኣእምሮ ደቅና ተዘሪኡ ንኽፈሪ ዝዓበርዎ ዘለዉ፡ ኣስተምህሮ፡ ሚዜና ንቈልዑ እሩማት ገይሩ ዝሃንጽ ኣብ ተለቪዥንን ጋዜጣን ሬድዮን ዘፍንዎ ዘሎ መደባት፡ ሃማመተኤ ቈልዑ ኣብ ትምህርትን ባህልን ኣድማዕቲ ንክኾኑ ዝዑብሮ ዘሎ ውዳበ መንእሰያትን ተማሃሮን፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣብ ቈልዑ ዝዑብሮ ዘሎ ወፍርን ንወለዶታት ዝሃንጽ ስፖርታዊ ውድድራት ካብ ባሕሪ ብጮልፋ ዝጥቀሱ ዕማማት እዮም። ከም ውጽኢቱ እዞም ብተብዕትን ተወፋይነትን ንሓሰርን ምረቱን ንድኽነትን ጸቢብ ናብ ተስፋን ሓጎስ፡ ናብ ዓወትን ሰላምን ንምቕያር ደው ዘይብል ቃልሲ ዘካይዱ ዘለዉ ናይ ትማሊ ቈልዑ ናይ ሎሚ መንእሰያት ኣቦታትን ኣደታትን ተረጋጊጹ እዩ። ኣብ ምውሓስ ልኡላውነትን ምህናጽ ሃገርን ዝተረጋገጸ ኸ'ውን ዝርአ ዘሎ ወህደትን እውን ውጽኢት ናይቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምህናጽ እሩም ወለዶ ዝተጻወቶ ተራ እዩ።

ኣብ'ዚ ንበረሉ ዘለና ዓለም ካብ ዝሓለፍናዮም እዋናት ንላዕሊ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብኣገዚ ቅልጡፍ ብዓይነቱ ብዝሓዱን ዝተፈላለየ ምህዞን ቴክኖሎጂያዊ ፍርያትን ስርሓትን ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ህይወት ደቂ ሰብ ብእወታን ኣሉታን ክጸልወዎን ክቕይርዎን ምርኣይ ልሙድ ዕለታዊ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ኣገዳሲ እወታዊ ጥቕምታት ዓውለማ ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ ዓውለማ ማዕረ እወታኡ ኣሉታ'ውን ስለዘይተሳእኖ፡ ዓውለማውያን ብደሆታት ብፍላይ ኣብቶም ቅልጡፍ ለውጢ ናይ ምቕባል ዝርከቡ ቈልዑን መንእሰያትን፡ ኣብ ምልላይ ምርጫ ተጠቃምነት፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜ፡ ኣብ ኣተሓሕዛኻ ኣጠቓቕማን ገንዘብ፡ ኣብ ምፍላጥ ወልቃውን ስድራቤታውን ቀዳምነት፡ ኣብ ምዕቃብ ንጽህናን ምቅዋም ጸዩፍ ተግባራትን፡ ምዕቃብ ሃገራውነትን ኤርትራዊ ኣተሓሳስባን ወዘተ ዕላማኦም ኣጺሪም እሩማት ወለዶ ኮይኖም ንኸይህልዉ ኣብ ቈልዑን መንእሰያትን ተጽዕኖን ብደሆን ኣሕዲሩ ይርከብ። ዝ. እዋናዊ ብደሆ'ዚ ንምግጣም፡ ሓደስቲ ወለዶታትና ራእዮም ንኸጮብጡ፡ ዝተወደነ መስመር ሒዞም መጻኢኦም ንኸቕይሱን ተራን ኣበርክቶን ወለዲ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ኮይኑ፡ ከምኡ'ውን ማሕበራውያን ትካላት፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት መዛናግዒ ማእከላት፡ ፍልጠትን ንቕሓትን ዓጢቖን ኣብ'ቲ ቅትዕ ሃገራዊ ክብርታትና ተመርኲሰን ኣብ ምምሕብርምን ኣብ ምህናጽ እሩማት ቈልዑን መንእሰያትን ይጽንሓሊዩ ዘይብሉ ድርብ ዕዮ ንዙኣን ምኳኑ ፈሊጠን፡ እጃመን ዘበርክታሉ ግዜ ሕጂ ምኳኑ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

ሎሚ ኣብ ደቅና ዝርአ ጸገም ክንዕቆ እንተ ኰይና፡ ቈልዑ ግዜኦም ብጥበእ ንኽመሓድሩ ኣብ ኣፍራዪ ቁምነር ከውዕልዎ፡ ትምህርቲ፡ ሞያ፡ ተስፋ፡ ፍልጠት፡ ሞራል፡ ሃገራዊ ንቕሓት፡ ተጻዋርነት፡ ፍቕርን ማሕበራዊ ክብርታትን ከስርጹልሎም ኣለና። ኣብ ኣተዓብዩ ደቅና ዘጥምና ዘለዉ ብደሆታትን ግዳማዊ ጽልዋታትን እናተቓለስና ቈጻጺርና ከሓይል ወለዲ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት ጥቡቕ ምክትታልን እወታዊ ድርኺት ክንገብር ንጽባሕ ዘይብሃል ዕዮና እዩ።

ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት፡ ሓለዋን ምዕባለን ቈልዑ ዝገበርዎ ዘለዉ ግዙፍ ወፍሪ ንበዑህ መጻኢ ወለዶታት ዝሓለፈ ስልጡን ሕብረተሰብን ምዕቡልቲ ሃገርን ንምህናጽ'ዩ። ስለ'ዚ ተረኺቡቲ ወለዲ፡ ብኣእምሮን ኣካልን ብዝተማልኤ ዕቤት ናይ ምህናጽም ዕማም ከም ኣካል ዝዓበየ ህንጻት ሃገራዊ ናይ ልምዓት መደብ ተወሲዱ ዓቢ ጸዓትን ጸጋን ይፈስሰ ኣሎ።

ኣብ መደምደምታ ምስ ኩሎም መሻርኽትን ኣካላት መንግስትን ክቕየድ ዝጸንሐን ዝቕየድ ዘሎን ወሃዲ ጻዕርን ወፍርን ኣብ ድሕነትን ምዕባለን ቈልዑ ሰራሪክኸውን እናዘማኸርና፡ ብኣጋጣሚ'ዚ ክቡር ዕለት፡ ስድራቤታት ኮማትን ኮማዊ ትካላትን፡ ኣብያተ ትምህርትን ጥዕናን ኩሉ መዳያዊ ኣበርክቶኦም፡ ኣብ ምህናጽ እሩማት ቈልዑ ብዝተዓጻጸፈ ጻዓት እጃሞም ከበርክቱን ተሳታፍነቶም ከዕዝዙን ንጽውዕ፡ ደጊምና፡ ንኹሉም ቈልዑ ጥዕናን ዕቤትን ምዕባለን ንምነየሎም፡ "ኣብ ምህናጽ እሩም ወለዶ እጃምና ነበርክት!"

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን
20 ሕዳር 2026

ኣብ ከተማታት ኣመሪካ፡ ኣኼባታት ህዝባዊ መኸተ ተኻይዱ

ብ14ን 15ን ሕዳር፡ ኣብ ትሽዓተ ከተማታት ኣመሪካ ዕዉት ኣኼባታት ህዝባዊ መኸተ ተኻይዱ።

ኣብ ክፍለ ሃገር ቴክሳስ - ከተማታት ዳላስን ህዩስተንን ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባታት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት ተረኺቡ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ኣተኩሩ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።





ምስጢር ዓወት ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኰሰ ድልዱል ሓድነቱን ህዝባዊ ውዳበታቱን ከምዝኾነ ዝሓበረ ኣቶ ብርሃነ፡ ህዝብና ኣብ ኩሉ መድረኻት ዓቕምታቱ ኣኺቲቱ ዘጉብር ኣበርክቶ ምንጪ ዓወት መኸተና ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሎሚ'ውን ዜጋታት ቡብዘለውዎ ኩሉመዳያዊ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ጸዊዑ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓላፊት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ወ/ሮ ሓድነት ቀለታ ኣብ ከተማታት ልዊቪልን ኢንድያናፖሊስን፣ ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ኣ'ኑር ሑመድ ኣብ ከተማታት ሰንትልዊስን ደሞይንን፣ ሓለፍቲ ሃገራዊ ሸማግለ ኤርትራውያን ኣብ ኣመሪካ ዶ/ር ግዴዎን ኣባይን ኣቶ ምሕረትኣብ ዓንደብርሃንን ድማ ኣብ ከተማታት ግራንድራፒድስን ናሽቪል ሱፊልስን ተመሳሳሊ ሰሚናራት ኣካዪዶም።

ተሳተፍቲ፡ ኑቲ ኩነታት ብቐረባ ይከታተልዎ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ወሳኒ ናይ መኸተ እዋን - ኩሉ ኣቓልቦኦም፡ ዓቕሞምን ግዜኦምን ናብ ምውሓስ ልኡላውነትን ምስዓር ጸላእትን ብምቕናዕ፡ ግብራዊ ስጉምቲ ወሲዶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ቡበከተምኡ ንዕማማት መኸተ ዘወሃህዳ ሸማግለታት ክትት ከምዝቖማ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰለሞ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ 1284

መልእኽቲ ብምኽንያት ዓለማዊ ቅነ ንቕሓት ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን

ብዘይ ኣማራጺ ከይንተርፍ!

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣድማዕቲ መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ምርካብ ኣጸጋሚ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ብሰንኪ ቅልጡፍ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን፡ ምምዕባል ሓደስቲ መድሃኒታት ኣጸጋሚ ብምዃኑ፡ ንተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘለዉና ምርጫታት ፍወሳ እናወሓዱ ይኸዱ ኣለዉ። ብኸምዚ እንተቐጺልና፡ ብዘይ ኣማራጺ ከይንተርፍን ዓቢ ስግኣት ኮይኑ ይርከብ። ስለ'ዚ ብኢደ ዋኒንካ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ፈጺምካ ኣይትውሰድ፣ ምስ ዝእዘዘልካ ከኣ ከየባተኽካ ውሰድ፣ ንመጻኢ ኢልካ ኣይተቐምጥ፣ ምስ ካልኦት'ውን ኣይትካፈል። ብኣፍልጦን ሓላፍነታዊ ኣጠቓቕማን፡ ፈዋስነትን ቀጻልነትን እዞም ኣገደስቲ መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ምውሓስ ይከኣል እዩ።

ሓበራዊ መልእኽቲ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሕርሻን ማይ፡ መሬትን ኣከባቢን

ትንታነ ዜና

ሚርያም አብርሃም

ሀይቲ - ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ናበይ የምርሕ ኣሎ፧



ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ሀይቲ፡ ብደረጃ ዓለም ሓንቲ ካብ'ተን ብቁጠባዊ፡ ሱብኣውን ጸጥታውን ቅልውላው ዝሳቐያ ዘለዋ ሃገራት እያ። ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ቁጽሪ ጉድለ ገበሮታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበርከቱ ብምምጽኡ፡ ኩሉ-መዳያዊ ንጥፈታት ሃገር ኣብ ሓደጋ እዩ ወዲቑ ዝርከብ ዘሎ። ኣብዛ ካራቢያዊት ሃገር፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ጥራሕ ብውሕዱ ኣለታት 16 ሽሕ ሰባት በዞም ጉድለ ገበሮታት ተቐቲሎም ኣለዉ። ኣብ'ዘን ዝሓለፉ 9 ኣዋርሕ ድማ፡ ኣለታት 4 ሽሕ ሰላማውያን ሰባት በዞም ጉድለታት ገበን ተቐቲሎም ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ካልኦት ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ሰባት እውን ብሰንኪ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ከቢድ ጸጥታዊ ቅልውላው ካብ ቤት ንብረቶም ተመዛቢሎም ይርከቡ።

ሓያሎ ወገናት፡ "ስለምንታይ እዩ ኣብ ሀይቲ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ኦባሪ ፍታሕ ክርከብ ዘይክኣለ ዘለዎ።" እናበሉ ይሓቱ እየም። እዚ ከኣ፡ ኣብ ሀይቲ ዝርከቡ ጉድለታት ገበን ኣገዳሲም ገርጊሮምን፡ ነታ ሃገር ከም ድሉዋም የሸነርክሩዋን ብምህላዎም እዩ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብዚ እዋን፡ ካብ ጠቕላላ ሰፍሓት ፖርት-ኡ-ፕሪንስ (ርእሰ-ከተማ ሀይቲ) እቲ ልዕሊ 80 ሚእታዊት ኣብ ኢድ ናይዞም ጉድለታት ገበን እዩ ወዲቑ ዝርከብ ዘሎ። እዚ ማለት፡ ዳርጋ ብምሉኣ እታ ከተማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም እያ ትርከብ ዘላ። በዚ እየም ከኣ ማእሊያ ዘይብሉ ንብረት ክዘርፉ፡ ቁልዑ ክጨውዩን ሰፍ ዘይብል መሊድልቲ እናሓተቱ ንሰላማውያን ሰባት ዘበኣብሱን ዘለዉ።

ሀይቲ ብዘለዋ ስትራትጂያዊ ኣቀማምጣ፡ ብዘለዋኣ ብውልቀ ሰባት ዝውሃና ወደባትን ዘይሕጋዊ ጽርግያታትን ንዝተፈላለዩ ገበናዊ ተግባራት ክትቃላዕ ክኢላ እያ። ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዘይሕጋውያን ናይ ኮንትሮባንዳ ኣቑሑን ዕጹ ፋርስን፡ ዝተፈላለየ ዓይነታት ተተኳኣቲን ጠበናጭን ብዝተፈላለየ መንገድታት ብቡዝሒ እየም ናብታ ሃገር ዝኣትዉ። ሀይቲ ብዘይካ'ዚ፡ ኣቡቲ ኮባ፡ ዝበዝሐ ኣቑሑ ካብ ወጻኢ ሃገራት እተኣቱ ሃገር ብምኻና፡ እዞም ጉድለታት ገበን ኣብታ ሃገር ምቹእ ባይታ ንኽረኽቡ ሓጊዙዎም እዩ። ምኽንያቱ፡ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት እናተጠቕሙ ዘይሕጋዊ ናይ ኮንትሮባንዳ ኣቑሑ ንኸእትዉ ዕድል ሂቡዎም እዩ። እቲ ቀንዲ ዝሓገዞም ግን፡ ኣብታ ሃገር ዘሎ ልሕሉሕ ስርዓተ ቁጽጽር ናይ ኣየርን ናይ መሬትን ጉዕዞ እዩ። ብሰንኪ'ዚ ዝተጠቕሰ ድኽመታት ወይ ሃጓፋት፡ ዝተፈላለዩ ጉድለታት ገበን ሀይቲ ንቀንዲ መሰመሪት መጕዓዝያ ብምቁጽጻር፡ ነታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ከእትዉዋ ክኢሎም እዮም።

ኣብ'ዘን ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ ሀይቲ ብሰንኪ'ዞም ናይ ገበን ጉድለታት ብዝተኸሉ ዓሚቑ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ቅልውላዋት፡ ኣለታት 5.4 ሚልዮን ሰባት ንሕጽረት መግቢ ከም እተቓልዑ ጸብጻባት የመልክቱ። ካብዚኣቶም እዮም 6 ሽሕ ሰባት፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞም ምሒር ጥሜት ኣብ ኣዘዩ ሓደገኛ ኩነታት ከም ዝርከቡ እዩ ዓለምለኻዊ ትካል ዝተወሃደ ውሕሰት መግቢ (global integrated food security) ዝሕብር ዘሎ። እዞም ብኣዘዩ ሓደገኛ ዝበሃል ጥሜት ተጠቒዖም ዘለዉ ዜጋታት ሀይቲ፡ መሳልታዊ ዝኾነ መግቢ ከይለኸፉ እየም ዝውዕሉ ዘለዉ። በዚ ከኣ ንኽበድ ሓደጋ ዓጸቦን ሞትን ተቓሊያም ኣብ ኣዘዩ ኣሻቓሊ ኩነታት ከም ዝርከቡ፡ እቲ ዓለማዊ ትካል የመልክቱ።

ኣብዛ ካራቢያዊት ሃገር፡ ብጉድለታት ገበን ዝብገስ ናዕብታትን ዕግርግርን ካብ መሳልቲ ናብ መሳልቲ እናበኣሰ ድሕሪ ምምጽኡ፡ መንግስቲ ሀይቲ፡ እቲ ኩነታት ካብ ቁጽጽሩ ወጺኡ እናኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ ብምጥቃሱ፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ሓገዝ ክሓትት ጸኒሑ እዩ። በዚ እየን ከኣ ኬንያ እትርከበን ሓያሎ ሃገራት ሓይልታተን ናብ ሀይቲ ከዋፍራ ዝጸንሓ። ኣብ 2024፡ ኬንያ ዝመራሕን ካብ ከም ሴኔጋል፡ ጃማይካ፡ ባርባዶስን ባሃማስን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝተዋጽኣን ኣህጉራዊ ጉድለ ፖሊስ ኣንጻር እዞም ኣብ ሀይቲ ዝርከቡ ጉድለታት ገበን ንምቅላስ ናብታ ሃገር ኣትዩ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ድማ፡ ሓይልታት ጸጥታ ኬንያ ኣብታ ሃገር ዝሰበርም ተልእኾ ዛዚሞም ናብ ሃገሮም ምምላሶም ይዝክር።



ኣብዚ እዋን ንሓያሎ ወገናት ዘሐንስ ዜና ኮይኑ ዘሎ ድማ፡ እቲ ብ 'ማዎዝ 400' ዝፍለጥ ዕሉል ጉድለ ገበን ፋሕ ፋሕ ኢሉ ዝብል እዩ። 'ማዎዝ 400'፡ ኣብ ሀይቲ ኣዘዩ ፍሉጥ ጉድለ ናይ ገበኞታት ኮይኑ፡ ኣብ ከተማ ፖርት-ኡ-ፕሪንስ ማእሊያ ዘይብሉም ቁልዑ ክጨውን ክቕትልን ከምኡ'ውን ንብረት ህዝቢ ክዘርፍ ዝጸንሐ እዩ። ኣብዚ እዋን ግን ሓይልታት ጸጥታ ኤልሳልቫዶር ብዙሃዱዎ ዕዉት ዝተባህለ ናይ ኣየርን መሬትን ስርሒታት፡ ዋና ቤት ጽሕፈት ናይዚ ዕሉል ጉድለ ገበኞታት ክድምሰስን ኣባላቱ ክበታተኑን ክኢሎም ከም ዘለዉ እዩ ገምጊጾ ዘሎ። መንግስቲ ኤልሳልቫዶር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣርባዕተ ቴክሲኻናት ሃዲሩ ኣብ ሀይቲ በዞም ጉድለታት ናይ ገበን ድሕሪ ምጭዋየም፡ ኣለታት 2000 ወተሃደራት ናብታ ሃገር ብምውፋር እዩ ኣንጻር እዞም ጉድለታት ወተሃደራዊ ስርሒታት ጀሚሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓያሎ ካብ ኣባላት ናይዚ ዝተጠቕሰ ጉድለ ከይተዋግኡ ካቡቲ ከባቢ ብቕጽበት ከም ዝሃደሙ እዩ ፕረዚደንት ኤልሳልቫዶር ናይብ በክለ ሓቢሩ። በዚ ከኣ፡ ኩለ-ጎኑ ዝሓዘ ዘሎ ጉድለ ገበን ኣብ ሀይቲ ዝነጥፍ ዘሎ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ከም ዝተሓጽረ ይግለጽ።

ኣብዚ እዋን ንሓያሎ ወገናት ዘሐንስ ዜና ኮይኑ ዘሎ ድማ፡ እቲ ብ 'ማዎዝ 400' ዝፍለጥ ዕሉል ጉድለ ገበን ፋሕ ፋሕ ኢሉ ዝብል እዩ። 'ማዎዝ 400'፡ ኣብ ሀይቲ ኣዘዩ ፍሉጥ ጉድለ ናይ ገበኞታት ኮይኑ፡ ኣብ ከተማ ፖርት-ኡ-ፕሪንስ ማእሊያ ዘይብሉም ቁልዑ ክጨውን ክቕትልን ከምኡ'ውን ንብረት ህዝቢ ክዘርፍ ዝጸንሐ እዩ። ኣብዚ እዋን ግን ሓይልታት ጸጥታ ኤልሳልቫዶር ብዙሃዱዎ ዕዉት ዝተባህለ ናይ ኣየርን መሬትን ስርሒታት፡ ዋና ቤት ጽሕፈት ናይዚ ዕሉል ጉድለ ገበኞታት ክድምሰስን ኣባላቱ ክበታተኑን ክኢሎም ከም ዘለዉ እዩ ገምጊጾ ዘሎ። መንግስቲ ኤልሳልቫዶር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣርባዕተ ቴክሲኻናት ሃዲሩ ኣብ ሀይቲ በዞም ጉድለታት ናይ ገበን ድሕሪ ምጭዋየም፡ ኣለታት 2000 ወተሃደራት ናብታ ሃገር ብምውፋር እዩ ኣንጻር እዞም ጉድለታት ወተሃደራዊ ስርሒታት ጀሚሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓያሎ ካብ ኣባላት ናይዚ ዝተጠቕሰ ጉድለ ከይተዋግኡ ካቡቲ ከባቢ ብቕጽበት ከም ዝሃደሙ እዩ ፕረዚደንት ኤልሳልቫዶር ናይብ በክለ ሓቢሩ። በዚ ከኣ፡ ኩለ-ጎኑ ዝሓዘ ዘሎ ጉድለ ገበን ኣብ ሀይቲ ዝነጥፍ ዘሎ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ከም ዝተሓጽረ ይግለጽ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከለ፡ ሓይልታት ጸጥታ ኤልሳልቫዶር ዝኾዘዩዎ ዕዉት ስርሒታት ዘመሰገኽ ቀዳማይ ሚኒስተር ሀይቲ፡ ኣሌክሰ ዲዬር፡ ካብ ሎሚ ንደሓር እዞም ጉድለታት ናይ ገበን፡ ድቃስ ከም ዘይረኽቡን፡ ክልተኣን ሃገራት ድማ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተሓባቢረን ንመላእ ግዘኣት ሀይቲ፡ ዳግማይ ኣብ ኢድ መንግስታ ከእትዋኡ ምኽንን እዩ ቃል ኣትዩ።

እቲ ብሽኪይንን ካናበስን ዝፍለጥ ዘይሕጋዊ ዕጹ ፋርሳት፡ ቀንዲ መሰመር መተሓላለፊኡ ሀይቲ እዩ። እዚ ዕጹ ፋርሳት እዚ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ኤውሮጳን ተብጊሱ እዩ ናብ ሀይቲ ዝኣቱን እንደኾነ ካብኡ ናብ ሰሜን ኣመሪካ ዝለኣኽን። በዚ ከኣ፡ ምንጪ እቶት ናይዞም ጉድለታት ካብ መሸጣ ናይዚ ዝተገልጸ ዕጹ ፋርሳት እዩ ዝርከቡ።

ፕረዚደንት ሀይቲ ዝበር ጆቨኔል ሞይሰ ኣብ 2021 ድሕሪ ምቕንዳሉ፡ ሀይቲ ብፖለዚኻዊ መሰጋገሪ መንግስቲ እያ ትመሓደር ዘላ። ብሰንኪ'ቲ ዘሎ ከቢድ ጸጥታዊ ቅልውላው ድማ፡ ዛጊት ፕረዚደንት ክትመርጽ ከም ዘይከኣለትን፡ ኩሉ ንጥፈታታ ቡቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ኣሌክሰ ዲዬር ከም ዝመሓደርን እዩ ዝንገር።

ኣስታት 11.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሀይቲ፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታታ ተጸበይቲ ህጹጽ ረድኤት ኮይኖም ይርከቡ - ብመሰረት ጸብጻባት። ሓንቲ ካብ'ተን ዝደኸየ ሃገራት ዓለም ምኽና ዝንገረላ ሀይቲ፡ ኣስታት ክልተ ሰሉ ካብ ጠቕላላ ህዝባ ኣብ ትሕቲ መሰመር ድኽነት ከም ዝኾበር'ውን፡ እየም ጸብጻባት የመልክቱ።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ

10:15 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ
11:45 ደርፊ
12:00 ሃገራዊ መዝሙር
12:05 መደብ
12:30 ዜና (ትግርኛ)
12:50 ዜና ስፖርት
12:55 መደብ ማህደር
13:30 ዜና (ዓረብ)
13:45 ሄሎ ደቦይዋ
14:45 ጨራ ጥዕና
15:30 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ
17:00 ዜና (ትግርኛ)
17:15 ደርፊ
17:30 ዜና (ዓረብ)
17:45 ሞዛይክ
19:20 እትመት
20:00 ዜና ትግረ
20:15 መደብ ህድግ
21:00 ዜና (ትግርኛ)
21:25 ማህደር ሓቂ 5ይ ክፋል
22:00 ዜና (ዓረብ)
22:10 መደብ
22:30 ዜና (እንግሊዝ)
23:00 እንዳ ዝማም

ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

“ብቑሪ ርእሲ ዓዲ ተሓሊብና ሓዲርና፡ እታ ገድሊ ድማ ሸዓ'ያ ትጅምር” - ጽገሬዳ ፍስሃ (ጋንዲ)

ጽገሬዳ ፍስሃ ወልደማርያም ትበሃል፡ ቤታ ካብ ወላዲኣ ዝወረሰታ “ጋንዲ“ ትብል ሳጓ እያ ዝያዳ ትልለ፡ ኣብ ኣስመራ ግዛ ጥኑና ተወሊዳ ዓበየ፡ ዕድመኣ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ናይ መዋእለ ህጻናትን መጀታን ትምህርታ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንዳማርያም፡ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቤት ጊዮርጊስ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርታ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀ.ሃስ ናይ ሕጂ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ተኸታቲላ፡ ብድሕሪኡ ምስ'ቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ወዕወዕ ጸልዋ ናይ ሰውራ 9ይ ክፍሊ ትምህርታ ኣቋሪጻ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1974 ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ማለት ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈትን ብዙሕ ኣበርክቶ ዘለዋን ጉዲም ተጋዳሊት እያ። ምቕሉልን ሕውስን ባህሪ ዘለዋ ዋዛን ጭርቃንን እተዘውትር ተጋዳሊት ጋንዲ ምስ ወሃሉል ገድላዊ ተመክሮኣን ኣበርክቶኣን ኣብ ሰውራ ኤርትራን ድሕሪ ናጽነትን ኣመልኪትና ምስኣ ዝገበርናዮ ቃለ ማጠይቕ ይሰዕብ፡

- ፈለማ ስምዒት ናይ ቃልሲ ብኸመይ'ዩ ሓዲሩኪ፡ መን'ዩ ጸልዩኪ፡ በየን ወዲኺ፡ ከተሰልፊ?

ኣብ'ቲ ፈለማ ዝተሰለፍናሉ ግዜ ኣገዳ ወዕወዕ ናይ ቃልሲ መንፈስን ዘረባታትን ዝሰማዓሉ ዝነበረ እዋን እዩ ነይሩ፡ “ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ በዚ ኣሎ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ በቲ ተሪእዮም፡ ሓሊፎም ኢሎሞም፡ ሃይለስላሴ ኣንጭዋ በሊዑዎ ኢሎማ” ዝብሃሉ ወዑይ ንቃልሲ ዝቕስቅስ ዕላላት ንሰምዕ ነይርና። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ብወሸጡውሸጢ ውዳቤታትን ምንቅስቓስን ናይ ተማሃሮ'ውን



ጋንዲ ኣብ ግዜ ሰውራ

ነይሩ እዩ። ምኽንያቱ ወድብቲ ናይ ህ.ሓሓኤን ተ.ሓኤን ስለ ዝነበሩ፡ ኑቲ ናይ ቃልሲ መንፈስና የተባብዖናን የበራትዖናን ነይሮም። ንሕና ፈለማ ናብ ተ.ሓኤ ኢና ክንስለፍ ንሓስብ ነይርና። ምኽንያቱ ምስቲ ቁልዑ ምንባርና፡ ክልተኡ ንናጽነት ዝቃለሱ ውድብ ደኣ እምበር፡ ፍልልዩሱ ግደ ሓቂ ንፈልጦ ኣይነበርናን። ክንሰለፍ እናሓሰብና እንከለና፡ ኣብ ወኪ ዛጋር ኣኼባታት ናይ ቃልሲ ከም ዘሎ ንሰምዕ'ሞ፡ ምስ ሓንቲ ኣብርሀት (ጓል-ፋኖ) እትብሃል መተዓብይቲ፡ ካብ ገዛና ሚሊቑና በየንና ናብ ዛጋር ነምርሕ። ንዓይ ኣብ ገዛና ሓንቲ ጓል ወኪ ስለ ዝነበረት፡ ሒዛትኒ ትኸይድ። ኣብኡ ከኣ ምሉእ መዓልቲ ንውዕል። ነገር ቁልዓ ንህዝባዊ ሓይልታት እንታይ ንብሎም ነይርና ይመስለካ ወይ እንታይ ኩይናም ይሰምዑና ነይሮም፡ ከም'ዚ ናይ ኣመሪካ ቅዲ ዘለዎም ወተሃደራት እዮም ዝመስሉና ነይሮም። ናይ ብሓቂ እቲ ሰዓቶም፡ ቀጠልያ ጃኬቶም ምስ ረኣናዮም ተደነቕና። “ወደሊዩ እዚኦም ደኣ ሓቆም እንደዮም ናይ ኣመሪካ እንደዮም” ኢልና ተገሪምና።



1972፡ ተመሃሮ ጽገሬዳ ጋንዲ - ጸጋመይቲ፡ ኣብርሀት (ጓል ፋኖ) - የማነይቲ

- ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራኸ?

ይገርመካ'ዩ ናይ ነገር ቁልዓ እንደዩ ንተጋድሎ ሓርነት ከኣ ከም ተጋደልቲ፡ ብዘኸኣ ኣብ ወኪ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ተጋደልቲ ነይሮም፡ ኣብ ዛጋር ከኣ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ስለ ዝነበሩ ምሉእ መዓልቲ ንጸው -ንጀው ክንብል ወዒልና። ናይ ክልቲኦም ኣኼባታት'ውን ሰሚዕናዮ።

- እንታይ ኴንኩን ኢኺን ሓንሳብ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ሓንሳብ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ኩሉል ክትብላ ወዒልክን?

ክንሰለፍ ንሓስብ ስለ ዝነበርና፡ ሓፈሻዊ ስእልን ግምታትን ናይቲ ቓልሲ ክንወስድ ኢና ከይድና። ብዘኸኣ ስወእ'ዩ የማ ኣጥገራይ ዝበሃል ካ መሓዛይ መማህራ ዝነበረ ኣብ ዛጋር ንረኽቦ፡ እንታይ ክትገብራ ደኣ መጺእክን ይብለና፡ “ንሕናስ ክንጋደል ኢልና ኢና መጺእና፡ ኣብ ዛጋር ኣኼባ ኣሎ ስለ ዝሰማዕና ኢና መጺእና” ትብሎ። ንሱ'ውን ብዙሕ ኣማኸረና፡ ብድሕሪኡ ንገዛና ንምለስ፡ ኣነ ኣብ ህይወተይ ንመጀመርያ ግዜ እየ ወጺአ ውዒለ ኣምሰየ ንገዛ ከይተመለስኩ ዝሓደርኩላ እያ።

- እንታይ ኴንኩን ደኣ ናብ ገዛኽን ዘይኣተኽን፡ ምስ ተመለስክን?

ምስ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡስ ተጻዒንና ተሓዊስናን እናመጻእና እንከለና፡ ጸላኢ ኣብ ከሉ “እዚኣን ናይ ወንበደ ሰራዊት እየን” ኢሎም ኣብ'ዚ ሕጂ 2ይ መደበር ዘሎ ቦታ፡ ኣብ ካርሸሊ ኣሰርምና ሓዲርና። ምሉእ ለይቲ ከሉብዙና ሓዲርና። ደሓር ምስቲ ኣዘና ንኣሸቱ ምንባርና፡ “እንታይ ክትገብራ ከይደክን” ምስ በሉና፡ “እንድዒ ንሕና'ሞ፡ እንታይ ንፈልጥ ይኸዱ ኣለዉ ኢልና ኢና ከይድና“ ኢልናዮም። “ኪዱ'ኺዳ” ኢሎም ሰዲዶምና። ካብኡ ንደሓር ብፍላይ ምሕር ስምዒት ክሓድረና ጀሚሩ፡ ብፍላይ እዛ ጓል-ፋኖ ዝበልኩኻ መሓዛይ እንታይ ትብለኒ፡ “ንሓደ ኣብ ወሸጣዊ ሰርሒት ዝተጥፍ ዝነበረ መማህረይ ረኺበዮ ነይረ፡ ብዙሕ ሓበሬታታት ሂቡኒ ኣሎ፡ እቶም ዝሓዩሉን ዝበርትዑን ውድብ ናይቲ ቓልሲ ህ.ሓሓኤ እዮም፡ ስለ'ዚ ናብኦም ኢና ንስለፍ” ትብለኒ። ኣነ ከኣ “ሕራይ” ኢለያ።

- ኽትሰለፉ ተዳሊኽን ማለት ደዩ?

እወ፡ እዚ ዝበልኩኻ ሰብ “ኣብ ከምዚኣ ዕለትን መዓልትን ምጹኣ” ኢሉና፡ ክንኸይድ ኢልና ኣብ'ታ ዝተቛጸርናላ መዓልቲ ብዋስ ምስ በልና፡ ብርቱዕ ውግእ ሓድሕድ ተጀሚሩ፡ በዚ ዓዲ ንፋስ ኢና ተቋጺርና ነይርና። ኑቲ መንገዲ ሰራዊት ጸላኢ ተኸቲሎሞ።

- እንታይ ደኣ ገበርክን?

እንታይ'ሞ ክንገብር፡ ካብ ቆጺርና ተሪፍና። እንታይ ይመስለካ ኣብ'ታ ዕለታን ሰዓታን እንተ ደኣ ዘይተረኺብኩ፡ እቲ ዝወሰደካ ሰብ ኣይጸበየካን እዩ። ኣይቀርበካን እዩ ከሞ፡ ብምዕዶ ኩይኑ እዩ ዝከታተሎ፡ ዝኾኑ ጸጥዎት ኪጋጥም ስለ ዘኽእል ልዑል ናይ ምክትታልን ትዕዝብትን ክእለት እዩ ዘለዎም። ቀለልቲ ሰባት ኣይከኑትን፡ ብዘኸኣ ተሪፍና። ኣብ'ዚ ከም ፍታሕ ተኸውን ሓንቲ ጽብቕቲ ዕድል ተጋጥም።

- እንታይ እያ ንሳ?

ንሓንቲ ምሳና ዝነበረት መሓዛና ኣቦኣ ምስ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ጥቡቕ ርክብ ዝነበሮ፡ ግደ ዝነበሮ ሰብኣይ ነይሩ። ኣብርሀት ምስ ተዛረበቶ፡ “ባዕለይ ክወስደክን'የ፡ ከመይ ገይረ ከም ዝወስደክን ናባይ ግደፋእ” ይብለና። ከይጸንሐ ከኣ፡ ብበዓል ቸንቶ መኪና ገይሩ ይወስደና። ኣብ ክንዲ ኮንክ ከሚዚ ናይ ስፖርት ጫማ ዝመስል ትገብራ ይብለና። ከምዚ ንመገሻ ናብ ዓዲ ንኸይድ ዘለና ተመሲልና ከኣ ብዓዲ ንፋስ ኣብልና ንወጽእ። እቲ ክፉንወና ዝተበገሰ ኣውቶቢስታ ክሳብ ዓዲ ንፋስ ኣብጺሒና ይምለስ ንዓና ከኣ ግደ መራሕና ብኣኣ ገይርና ንደርፎ ንወርድ። ኣብ ደርፎ ብዓል ስወእ ሰዒድ ፈረጅ፡ እስቲፋኖስ ዳኘው... ዘለዉዎም ተጋደልቲ ይቕበሉና። እቲው ምስ በልና እንታይ ይብሉና፡ “ክትጋደላ ዲኽን መጺኽን” “እወ ክንጋደል መጺእና”፡ “እሞ እንተኾንክን ንኣሸቱ ኢኽን ክትምለሳ ኢኽን። ኣብኡ ኴንክን ክትሰርሓ ኢኽን” ይብሉና። ንሕና ከኣ “ኣይንምለስን” ንብል። ምኽንያቱ ጸላኢ እውን ክፈልጠና'ዩ ክቐትለና እዩ። “ኣብኡ ካብ ዝቐትለና፡ ኣብዚኣ ምሳኹም ትሕሸና። ስለዚ መዲብና ስለ ዝመጻእና ኣይንምለስን ኢና” ኢልና ኣቕቢጽናዮም። በዚ'ንና ገይሮም እውን ከረድኡና ፈቲኖም። ቃልና ግን ሓንቲ እያ ነይራ “ኣይንምለስን” እትብል እያ። ብዘኸኣ ናይ ንግሆ እንዳና ኣቲና ወዒልና ናይ ምሸት ከባቢ ሰዓት 5፡00 ምስ ኩነ ናብ ርእሲ ዓዲ ንበጽሕ። ርእሲ ዓዲ ጠጠው ዝበለ ጎቦ እዩ። መንገዲ ከይደና ኣይንፈልጥን ኢና - ንመጀመርታና እዩ። ሐዚምና ከይድናም፡ ዘይርኸቦዚ ኣዚና ደኺምና፡ ኣብ ደንበ እንዳባይ መሓሪ ዕቑባዝጊ ሓዲርና። ኣብኣ ብራሕ ሰቲና ንእሸቶ ኣሮና፡ መቸም እታ ገድሊ ሸዓ እያ ትጅመር። ብቑሪ ክንገርካ ኣይክእልን እየ - ተሓሊብና ክንመውት፡ ብለይቲ ናብ ርእሲ ዓዲ ደይብና። ኣብኡ ምስ ከይድና ከኣ ሓይሊ ወዲ መሓሪ ዕቑባዝጊ ተቐቢላትና። ዘርጋም ነገር'ዩ ኣብቲ እንዳ ኣቦኡ ደንበ ሓዲርናስ ንሱ ከኣ መራሒ ሓይሊ ኩይኑ ተቐቢሉና። ብዘኸኣ ጸቡቕ ተቐቢሎምና። ኣብቲ እዋን መሓመድ ሰዒድ ባረ ኮምሽር ነይሩ፡ ብዓል ወዲ ፖለስ (ኣብዚ ቀረባ ግዜ ተሰዊኡ) ይቕበሉና። ክልቴና ጥራሕ ኢና ነይርና ደቂ-ኣንስትዮ። ደሓር መርየም ሕድግን ጸሃይሽ ሓገሰን ዝብሃላ ብዙሕ ግዜ ንኸስለፋ ዝመላለሳ'ም ዝነበራ፡ ኣብታ ሸዓ እዋን ይመጽኣና። ንኣኣን'ውን ተቐቢሎመን፡ ንኣርባዕቴና ድማ ሓፈሻዊ “ገድሊ እንታይ ማለት እዩ ስለምንታይ ትጋደል?” ዝብል ሓወሲ ትምህርትን ሓበሬታን ይህቡና። ብድሕሪኡ ኦርኒክና መለእና ንታዕሊም ንዳለ።

- ድሕሪ'ዚ ኣበይ ተዓለምክን?

ኣብ እንዳ ደግያት ወይ ሱበር ሰቢ ዝበሃል ቦታ ሰሜናዊ ባሕሪ ንታዕሊም ወሪድና። መራሕቲ ውድብ'ውን ኣብኡ'ዩ ነይሩ፡ ብዓል ብጻይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ ዘለውዎም መራሕቲ ናይቲ ውድብ ጸኒሖምና። ኣብኡ ሓደ 2 መዓልታት ዝኸውን ኮፍ ምስ በልና፡ ኣብኡ'ውን ደቂ ኣራዊት ጸኒሖምና። ይመሃሩን ይዕለሙን ነይሮም።



ኣብ 1975፡ ጽገሬዳ ጋንዲ ጸጋመይቲ፡ ሰናይቲ ባህታ የማነይቲ ኣብ ምብዛሕ መጽሔት

- መን እዮም ደቂ ኣራዊት?

(ሰሓቕ) ዝወደይ ደቂ ኣራዊት ማለት እዞም ኣብ ከተማ ኣትዮም ዓበይቲ ስርሒታትን ንጥፈታትን ዘካይዱ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ከም ብዓል ሻይናኩ፡ ኣሸዓል ወዲ ዘርኣ ዝኣመሰሉ . . . ዳርጋ ዝበዝሑ ተሰዊኦም እዮም። ኣብኡ ንፍሉይ ስርሒታት ናይ ከተማ ክዕለሙ ይጽንሑና። ንሕና ግን ጀመርቲ ኢና። ሓደ ናይ ፖለቲካ መምህር፡ ክልተ ከኣ ጸጋይ ዓዲ ንፋስን ሰሚሊናን ዝበሃሉ ዓለምቲ ገይሮምልና። ክልቲኦም ተሰዊኦም እዮም። 26 ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ሰለስተ ወርሒ ተዓለምና ወጺእና። ብዓል ዶ/ር ሰናይት ባህታ ዘለውኦ ማለት'ዩ። ደሓር እውን ናይ ፖለቲካ መምህርና ኩይና። ካብ ኣዲስ ኣበባ ተመሃሪት ዩኒቨርሲቲ እንክላ'ያ መጺኣትና። ምስ ብዓል ተመራማሪ ታሪኽ ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ዶ/ር ብኹምቲ፡ ሰናይ ዝኣመሰሉ ማለት'ዩ። ብሓፈሻ እዞም ተመሃሮ ናይ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ መንእሰያት ሓያል ድሌትን መንቕሕቓሕታ ናይቲ ቃልሲ ዝነበሮምን ወዳብቲ ዝነበሩን እዮም ነይሮም።



- ድሕሪ ታዕሊምከ ናበይ ኣቢልክን ናበይ ተመዲብክን?

ክትምደብ እንከለኻ ናብ'ዚ እየ ዝደሊ ኣይትብልን ኢኻ፡ ተጋዳላይ ከም ባሊ ከም'ኡ ኣይብልን እዩ፡ ምስ ዝሕተት ከኣ ኣብ ዝተመደበሉ ኢኻ ትብል። 7 ዝኾና ናብ ሓይልታት ይኸዳ፡ ዘሩን ኣፈወርቅን ኣብርሀት ጓል ፋኖን ክልቲአን ናብ ማሳርዕ ደቂ ኣራዊት ይጽንበራ። ዘሩን ደሓር ተሰዊኣ እያ፡ ገሊአን ከኣ ኣብ ሕክምና ኩይነን ናብ ግንባራት ናብ ሓይልታት ይኸዳ። ኣነ ዘለኹዎ 6 ድማ ናብ ክፍሊ ጀማዛር ንምደብ፡ እዘን 6 ኣዋልድ፡ ክሳብ ናብ ቦታና ንድይብ ኣብ ባሕሪ ባረ ጸንሓ ንበሃል፡ ኣብኡ ድማ ንዝተወሰነ እዋን ጸኒሕና፡ ድሕሪ ግዜ ናብ ከበሳ ምስ ደየብና፡ ውግእ ናይ ብዓል ዓዜን ኳዜን ይኸውን፡ “ጀማዛር እንታይ ማለት'ዩ ህዝባዊ ምምሕዳር'ኳ” ዝብል ንህዝቢ ከተንቕሕን ክትውድቦን እንተ ደኣ ኴንካ ቁሩብ ኣስተምህሮ ክወሃበካ ኣለዎ። ኢጋጥሚ ኣይተኻእለን፡ እተን ክልተ ጽንዕናን ኣኽበረትን ዝበሃላ ኣብ ከበሳ ይኸዳ፡ ክልተ ከኣ ናይ ቋንቋ ትግሪ ክእለት ስለ ዝነበረን ናብ ብዓል ሽዕብ ገድገድ ይኸዳ። ኣነን ሰናይት ባህታን ግን ኣብ ከበሳ ዝነበረ ክፍሊ ዜና ናይ ከበሳ ንምደብ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድን ኢብራሂም ጸዓዱ (ወጸእተኛታት) ሰኣልቲ ሐዚም ይዙሩ ስለ ዝነበሩ “ክሳብ ዜና ኣጸቢቑ ሰራሑ ዝጅምርን ዘውድብን ንሸኽን ክልቴኽን ኣብዚኣ ክትጸንሓ ኢኽን” ይብሉና። ምስ ብጻይ ኣስመሮም ገ/ሄር፡ ንግዚኡ ኣብኡ ንጸንሕ።

ይቕጽል...

ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

ዕቃበ ብረት፡ ለይቶን ሃዳሙን

6ይ ክፋል

ክፍሊ ዕቃብ ብረት ለይቶ፡ ካብ ወርሒ ሓምለ 1982 ንደሓር፡ ነቲ ሎሚ ሃዳታት ድሕሪ መሳመር ጸላኢ ምሕደራኡ ኣመሓራረዮ፡ ሓለፍቱ፡ ስመኣ ዘርኢዩ ኣስመላሽን ሃብተማርያም ተሰፋማርያን (ወዲ ቐሽ) እያ ምዃኑ፡ ሓንቲ መሳርያ ንምስዓናይ ብምህደዮ፡ ኢታ መሳርያ ትካታተሎ መኽዘናት፡ ሓደ ክፋል ኣብ ሶሜኻዊ ባሕሪ ካልኣይ ክኢ ኣብ ምስዓናይ ነይርሞ፡ ካልኣ መሳርያ(ውን ኣብ ምዕራብ ማይ ጨቐምጠ (ጥቓ ሞልቂ) ዓዝኪራ ነበረት። ጃኣግራፍያዊ ኣቀማምጣ ማይ ጨቐምጠ ምነ ምኽለቐነ ጸላኢ ብምንጽጻግ ተመራጺ ነበረ። እቲ ኸኒ ሓንቲ ኣመና ጸብዕ ሰንቒሮን ሕጽረት ማይ ዝበራን ስለ ዝኾኑት፡ ግዚያዊ መሳሽር ኮይና ጥራይ እያ ኣልቢሉ፡ መብዝሕትኦን ኣብዚ መሳሽር ዓዚኪረን ዝበራ ክፍልታት፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት 1983 ናብ ሃዳሙ ገንዙ፡ ክኦብ ሰኔኣታ ወሪር ዝወዳእ'ውን ኣብ ሃዳሙ ኣትሒፋኡ፡ ብድሕሪኡ ግኡ ኣለኔ ኢምዳድ ደሃይ ኣጽዋርን ንምፍላጥን ንእሩዊት ቀረብ ንምቕራብን ንምዕጣቕ ምልሾን ዞጣውን ንቡታኣም ተመልሰ። ኣብ መረብ (ሻኻ ማይ ጠል) እውን መሳሽር ደነፋ።

ኣብዚ ሓደሽ መሳሽር ኮይናም ንኣጽዋርም መዕቀቢ ዝኾውን ሰሌዳ ትሕቶ ባይታዊ ንዝን ንኖብድን ሰርሐ። ወላ'ኳ ነብ መረብ ናይ ማይ ጸገም ዘይብሉ እንተሃረ፡ ብዘሉ መሻሽቲ ጣዕሙ ሰለ ዘንዋም ግኡ ንፃዕና ምቹእ ኣይነበረን። እንተኾነ ኣብ ዞጣ ምዕራብ ዝበራ ክፍልታት ውድቡ ንመጀመርታ ግዜ ጥርናፈን ሓብሪዊ ንዮፊታትን ነቲ ዕዳ ዝተዋህቦ ቦታ እዩ ነይሩ። ብፍላይ ድሕሪ ምሕራር ነብማ ተሰሂዩ (ብ1984) ብዋቕሚ ሰብን ትሕዝቶ ኣጽዋርን ደልደሉ። ኣብ ምዕራብ ጥራዩ፡ ካብ መረብ ክኦብ እዋሪ ደነኖን (ማይ ጨቐምጠ) የማኑ ጺጋመን ተደራረብ ሰራሕ ነይሩዎ። ኣብዚ፡ ኸበጢ ካብ ዝኦቑቑጎ ኣሃዱታት ጀሚረን፡ ክኦብ ንደቡብን ሶሚኾን ደዕድል ሰለ ዝበረ፡ ነቲ ሰራሕ ከቢድ ይንብር። ካብ ሳኽል ዝመጸኦ ኣጽዋር ተቐቢሉ፡ ዝዕቀበ ዓዚቡ፡ ዝተረፈ. ናብ ዞባታት የብጽሕ ነይሩ። መሳመር ገዛዝ ካብ ምዕራብ ዝጣ ደቡቡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ብዘተፈላለየ ኣንፈት ደሰየር ነይሩ። ኣብ 1981-82 ካብ ለይቶ ሰፍኣ ናብ ዓለን ዓሊገድን ኘኾበጽሕ መረት ጸልማን መረታ ኣብ መርሓት መሳኸሪም 1984 ኣብ ዓረዛ - ማይድማ ዝተገብረ ወግዒ ብጥቅምቲ 1984 ናይ ሞልቂ ደብዳብ ኔፎርቲ፡ ብሕጽር 1984 ጸላኢ ካብ ባረንቱ ንተኾምብየ ክወፍር ከሎ ብዚገጠመ ወግዒ፡ ብዕስት 26/11/84 መጥቃዕቲ ዓረቒ ብዕስት 29/11/84 ግቦም ማይዓም፡ ብ4 ታሕሳስ 1984 ኣብ ቆሓይን ብዘተኾየደ መጥቃዕቲ ... ፡ ዕቃብ ብረት ንድሕነት ኣጽዋሩን መሳርሕ ምስጥቓን ክብል ንኣቀማምጣኡን ማጠሺ ቦታኡን ዳግመ ሚሜት ገይሩሉ። ካብ መረብ ንዞዳሙ ብምምዝዝ ከኣ ለወጠ ገረ።



ካብ ኣባላት ዕቃብ ብረት መረብ ሃዳሙ

ክኒታት ክቀየር ከሎ፡ ቦታታት ምቕያር ልሙድ ተርእዮ እዩ። ዳርጋ ኩሉን ክፍልታት እያባኦ፡ ቡቲ ዘርዮም ዝበረ ምኽላኾኣት ጸላኢ ምኽንያት ነይሩ። ካብ መረብ ንዞዳሙን ጀርባኡን ሚያዙ። ብዙሓት ክፍልታት ናብኡ ሰለ ዝዛኣቡ ሃዳመን ጀርባኡን ብኡብ ኣለቐለቕ። ኢምዳድ ከኣ ናብዚ ቦታ ምስ ኣተወ፡ ኣብ ምድላው ሓደሽቲ ትሕቶ ባይታዊ መዕቀቢ ሰራዛኡ ኣብ መረብን ነብኡን ዝበረ ኣጽዋር ናብ ሃዳሙ ሚዛኑ ተዓቢቱ። ግን እቲ ሶቦኦት ኣብዚ'ውን ኣየብቐዐኾ፡ ከነታት ጸላኢ ኾ ኣቑፊ ሰለ ዝበረ፡ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ ናይ 1985 ካብ ሃዳሙ ናብ ኣንየረ ሚዛ፡ እናኻዕ ቦታ ምቕያር ንኦባኦት ኢምዳድ ሃልክ ሰለ ዝበዘሓም ሓንቲ መሳርያ ካብ ኣባኦት ታዕለም ተመደበየም። ኣባኦት ኢምዳድ ጎንጉዲ ክኸነፅ ከለዉ፡ ናይ እንዳ ታዕለም ከኣ ኣብ ምቕራጽ ኣውድን ሰረገን ሰለ ዝሓዝዙ ሰራሓ ተላለጠ።

ኣንየረን ነብኡኡ ብጀንሰነ ዘንፃምን ዘቤትን ሃብታም፡ ብዙሓ. ኣግራብ ሰለ ዝርኒቡ ኣብ ትሕቲ ጸላል ኣግራባ ዝኸነ ንብረት ክትሸየጥ ካብ ተራኣይነት ኣይትሸበፍኩ። ነምኡ ሰለ ዝኸኔ ተወሰኽቲ ብረትን ተተፋነትን (ኣጽዋር) ኮመጸኦ ከሎ፡ ሚድን ኘኸሉ ናብ ትሕቲ ባዕታ ምሕላኽ የድሊ ኣይነበረን። ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ደርዒርነ ምቕማጡ ብዙሓ ሰቕታታ ኣይነበረን። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1985 ነፈርቲ ከናት መጺኦን ብዘይርነቦኦ ቦምባ ንገለ ተሻሺገን ዝጀንሓ መሳሪን ሃሪመን ነይረን። ኣባኦት ኢምዳድ ከኣ ነቲ ኘኾነታት ብምምላኡ ነብያምን ንብረቶምን ካብቲ ዝበራዎ ቦታ ኣልዓሉም ናብ ጀሞኢ ጎቦ ሚዝ። መሳሽራቶም ካብ ሸፋቱ ንምውሓ'ውን ካብ ከኣቲን ክፍልታት ዝተዋጸኡ ተጋደልቲ ሓሰዋ የወጸኡ ነበሩ።

ዕቃብ ብረትን ካልኦት ክፍልታት ውድብን ነፃዚ ኣሉ ናይ ድሕሪ መሳመር ምዕራብ ንዮፊታቶም እናሰላሰሉ ሓምለ 1985 መጥቃዕቲ ባረንቱ ኣጋበቡ፡ ኣባኦት ኢምዳድ'ውን ኣብቲ መጥቃዕትን ምጥብራብን ክሳተፉ ከዳ። ሰራሕ ምዕጣቐን ክብል ንኣቀማምጣኡን ማጠሺ ቦታኡን ዳግመ ሚሜት ገይሩሉ። ካብ መረብ ንዞዳሙ ብምምዝዝ ከኣ ለወጠ ገረ።

ክኒታት ክቀየር ከሎ፡ ቦታታት ምቕያር ልሙድ ተርእዮ እዩ። ዳርጋ ኩሉን ክፍልታት እያባኦ፡ ቡቲ ዘርዮም ዝበረ ምኽላኾኣት ጸላኢ ምኽንያት ነይሩ። ምኽንያት፡ ካብ መረብ ንዞዳሙን ጀርባኡን ሚያዙ። ብዙሓት ክፍልታት ናብኡ ሰለ ዝዛኣቡ ሃዳመን ጀርባኡን ብኡብ ኣለቐለቕ። ኢምዳድ ከኣ ናብዚ ቦታ ምስ ኣተወ፡ ኣብ ምድላው ሓደሽቲ ትሕቶ ባይታዊ መዕቀቢ ሰራዛኡ ኣብ መረብን ነብኡን ዝበረ ኣጽዋር ናብ ሃዳሙ ሚዛኑ ተዓቢቱ። ግን እቲ ሶቦኦት ኣብዚ'ውን ኣየብቐዐኾ፡ ከነታት ጸላኢ ኾ ኣቑፊ ሰለ ዝበረ፡ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ ናይ 1985 ካብ ሃዳሙ ናብ ኣንየረ ሚዛ፡ እናኻዕ ቦታ ምቕያር ንኦባኦት ኢምዳድ ሃልክ ሰለ ዝበዘሓም ሓንቲ መሳርያ ካብ ኣባኦት ታዕለም ተመደበየም። ኣባኦት ኢምዳድ ጎንጉዲ ክኸነፅ ከለዉ፡ ናይ እንዳ ታዕለም ከኣ ኣብ ምቕራጽ ኣውድን ሰረገን ሰለ ዝዛኣቡ ሰራሓ ተላለጠ።

ኣንየረን ነብኡኡ ብጀንሰነ ዘንፃምን ዘቤትን ሃብታም፡ ብዙሓ. ኣግራብ ሰለ ዝርኒቡ ኣብ ትሕቲ ጸላል ኣግራባ ዝኸነ ንብረት ክትሸየጥ ካብ ተራኣይነት ኣይትሸበፍኩ። ነምኡ ሰለ ዝኸኔ ተወሰኽቲ ብረትን ተተፋነትን (ኣጽዋር) ኮመጸኦ ከሎ፡ ሚድን ኘኸሉ ናብ ትሕቲ ባዕታ ምሕላኽ የድሊ ኣይነበረን። ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ደርዒርነ ምቕማጡ ብዙሓ ሰቕታታ ኣይነበረን። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1985 ነፈርቲ ከናት መጺኦን ብዘይርነቦኦ ቦምባ ንገለ ተሻሺገን ዝጀንሓ መሳሪን ሃሪመን ነይረን። ኣባኦት ኢምዳድ ከኣ ነቲ ኘኾነታት ብምምላኡ ነብያምን ንብረቶምን ካብቲ ዝበራዎ ቦታ ኣልዓሉም ናብ ጀሞኢ ጎቦ ሚዝ። መሳሽራቶም ካብ ሸፋቱ ንምውሓ'ውን ካብ ከኣቲን ክፍልታት ዝተዋጸኡ ተጋደልቲ ሓሰዋ የወጸኡ ነበሩ።

ዕቃብ ብረትን ካልኦት ክፍልታት ውድብን ነፃዚ ኣሉ ናይ ድሕሪ መሳመር ምዕራብ ንዮፊታቶም እናሰላሰሉ ሓምለ 1985 መጥቃዕቲ ባረንቱ ኣጋበቡ፡ ኣባኦት ኢምዳድ'ውን ኣብቲ መጥቃዕትን ምጥብራብን ክሳተፉ ከዳ። ሰራሕ ምዕጣቐን ክብል ንኣቀማምጣኡን ማጠሺ ቦታኡን ዳግመ ሚሜት ገይሩሉ። ካብ መረብ ንዞዳሙ ብምምዝዝ ከኣ ለወጠ ገረ።

ክኒታት ክቀየር ከሎ፡ ቦታታት ምቕያር ልሙድ ተርእዮ እዩ። ዳርጋ ኩሉን ክፍልታት እያባኦ፡ ቡቲ ዘርዮም ዝበረ ምኽላኾኣት ጸላኢ ምኽንያት ነይሩ። ምኽንያት፡ ካብ መረብ ንዞዳሙን ጀርባኡን ብኡብ ኣለቐለቕ። ኢምዳድ ከኣ ናብዚ ቦታ ምስ ኣተወ፡ ኣብ ምድላው ሓደሽቲ ትሕቶ ባይታዊ መዕቀቢ ሰራዛኡ ኣብ መረብን ነብኡን ዝበረ ኣጽዋር ናብ ሃዳሙ ሚዛኑ ተዓቢቱ። ግን እቲ ሶቦኦት ኣብዚ'ውን ኣየብቐዐኾ፡ ከነታት ጸላኢ ኾ ኣቑፊ ሰለ ዝበረ፡ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ ናይ 1985 ካብ ሃዳሙ ናብ ኣንየረ ሚዛ፡ እናኻዕ ቦታ ምቕያር ንኦባኦት ኢምዳድ ሃልክ ሰለ ዝበዘሓም ሓንቲ መሳርያ ካብ ኣባኦት ታዕለም ተመደበየም። ኣባኦት ኢምዳድ ጎንጉዲ ክኸነፅ ከለዉ፡ ናይ እንዳ ታዕለም ከኣ ኣብ ምቕራጽ ኣውድን ሰረገን ሰለ ዝዛኣቡ ሰራሓ ተላለጠ።


ኣንየረን ነብኡኡ ብጀንሰነ ዘንፃምን ዘቤትን ሃብታም፡ ብዙሓ. ኣግራብ ሰለ ዝርኒቡ ኣብ ትሕቲ ጸላል ኣግራባ ዝኸነ ንብረት ክትሸየጥ ካብ ተራኣይነት ኣይትሸበፍኩ። ነምኡ ሰለ ዝኸኔ ተወሰኽቲ ብረትን ተተፋነትን (ኣጽዋር) ኮመጸኦ ከሎ፡ ሚድን ኘኸሉ ናብ ትሕቲ ባዕታ ምሕላኽ የድሊ ኣይነበረን። ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ደርዒርነ ምቕማጡ ብዙሓ ሰቕታታ ኣይነበረን። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1985 ነፈርቲ ከናት መጺኦን ብዘይርነቦኦ ቦምባ ንገለ ተሻሺገን ዝጀንሓ መሳሪን ሃሪመን ነይረን። ኣባኦት ኢምዳድ ከኣ ነቲ ኘኾነታት ብምምላኡ ነብያምን ንብረቶምን ካብቲ ዝበራዎ ቦታ ኣልዓሉም ናብ ጀሞኢ ጎቦ ሚዝ። መሳሽራቶም ካብ ሸፋቱ ንምውሓ'ውን ካብ ከኣቲን ክፍልታት ዝተዋጸኡ ተጋደልቲ ሓሰዋ የወጸኡ ነበሩ።

ዕቃብ ብረትን ካልኦት ክፍልታት ውድብን ነፃዚ ኣሉ ናይ ድሕሪ መሳመር ምዕራብ ንዮፊታቶም እናሰላሰሉ ሓምለ 1985 መጥቃዕቲ ባረንቱ ኣጋበቡ፡ ኣባኦት ኢምዳድ'ውን ኣብቲ መጥቃዕትን ምጥብራብን ክሳተፉ ከዳ። ሰራሕ ምዕጣቐን ክብል ንኣቀማምጣኡን ማጠሺ ቦታኡን ዳግመ ሚሜት ገይሩሉ። ካብ መረብ ንዞዳሙ ብምምዝዝ ከኣ ለወጠ ገረ።

ክኒታት ክቀየር ከሎ፡ ቦታታት ምቕያር ልሙድ ተርእዮ እዩ። ዳርጋ ኩሉን ክፍልታት እያባኦ፡ ቡቲ ዘርዮም ዝበረ ምኽላኾኣት ጸላኢ ምኽንያት ነይሩ። ምኽንያት፡ ካብ መረብ ንዞዳሙን ጀርባኡን ብኡብ ኣለቐለቕ። ኢምዳድ ከኣ ናብዚ ቦታ ምስ ኣተወ፡ ኣብ ምድላው ሓደሽቲ ትሕቶ ባይታዊ መዕቀቢ ሰራዛኡ ኣብ መረብን ነብኡን ዝበረ ኣጽዋር ናብ ሃዳሙ ሚዛኑ ተዓቢቱ። ግን እቲ ሶቦኦት ኣብዚ'ውን ኣየብቐዐኾ፡ ከነታት ጸላኢ ኾ ኣቑፊ ሰለ ዝበረ፡ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ ናይ 1985 ካብ ሃዳሙ ናብ ኣንየረ ሚዛ፡ እናኻዕ ቦታ ምቕያር ንኦባኦት ኢምዳድ ሃልክ ሰለ ዝበዘሓም ሓንቲ መሳርያ ካብ ኣባኦት ታዕለም ተመደበየም። ኣባኦት ኢምዳድ ጎንጉዲ ክኸነፅ ከለዉ፡ ናይ እንዳ ታዕለም ከኣ ኣብ ምቕራጽ ኣውድን ሰረገን ሰለ ዝዛኣቡ ሰራሓ ተላለጠ።

ኣንየረን ነብኡኡ ብጀንሰነ ዘንፃምን ዘቤትን ሃብታም፡ ብዙሓ. ኣግራብ ሰለ ዝርኒቡ ኣብ ትሕቲ ጸላል ኣግራባ ዝኸነ ንብረት ክትሸየጥ ካብ ተራኣይነት ኣይትሸበፍኩ። ነምኡ ሰለ ዝኸኔ ተወሰኽቲ ብረትን ተተፋነትን (ኣጽዋር) ኮመጸኦ ከሎ፡ ሚድን ኘኸሉ ናብ ትሕቲ ባዕታ ምሕላኽ የድሊ ኣይነበረን። ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ደርዒርነ ምቕማጡ ብዙሓ ሰቕታታ ኣይነበረን። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1985 ነፈርቲ ከናት መጺኦን ብዘይርነቦኦ ቦምባ ንገለ ተሻሺገን ዝጀንሓ መሳሪን ሃሪመን ነይረን። ኣባኦት ኢምዳድ ከኣ ነቲ ኘኾነታት ብምምላኡ ነብያምን ንብረቶምን ካብቲ ዝበራዎ ቦታ ኣልዓሉም ናብ ጀሞኢ ጎቦ ሚዝ። መሳሽራቶም ካብ ሸፋቱ ንምውሓ'ውን ካብ ከኣቲን ክፍልታት ዝተዋጸኡ ተጋደልቲ ሓሰዋ የወጸኡ ነበሩ።

ዕቃብ ብረትን ካልኦት ክፍልታት ውድብን ነፃዚ ኣሉ ናይ ድሕሪ መሳመር ምዕራብ ንዮፊታቶም እናሰላሰሉ ሓምለ 1985 መጥቃዕቲ ባረንቱ ኣጋበቡ፡ ኣባኦት ኢምዳድ'ውን ኣብቲ መጥቃዕትን ምጥብራብን ክሳተፉ ከዳ። ሰራሕ ምዕጣቐን ክብል ንኣቀማምጣኡን ማጠሺ ቦታኡን ዳግመ ሚሜት ገይሩሉ። ካብ መረብ ንዞዳሙ ብምምዝዝ ከኣ ለወጠ ገረ።



ሰዉእ እዮብ ተሰፋጼን

ብዙሓ መኾዚ ኣጽዋሮኦ ተሰሪሐሉ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓመት፡ ሓንቲ ንሽታታን ቁመታን ግዙፍ ዝበኣት ጉድጓድ፡ ኣብ ማይ ዘየርኀቦ ከብ. ማይ ጨቐምጠ ትሰረሓ ብምንባሩ፡ ነየም ንኾነታ ዝበርና ኣባኦት ኣብ ጽጌም ከም እንኣቱ ገይሪትና። እቲ ንየቁመሉ ዝበርና ማይ፡ እንሰኒታት ዘቤትን ጉዳምን ዝፍናለን ቀልቀለን ዝወጽኣሉን ሓሪኽ ኮይኑ፡ ኣማሪጺ ሰኢንና ብመዛዙቲ ኣሕለፍና ንኦነኖ ሃበርኔ። ነም ሳዕቤኑ ኘኦ ኣብ ልዕሊ. ገለ ኣባኦትና ሕሞም ኣሰዓበ። ብጠንቱ ክኦብ ሕጂ ክፍዉስ ዘየኻእለ ሕዱር ዋሃናዊ ጽጌም ፊጠሩሉም ኣሉ።

ምዕራቡ ማኽለይ ቦታ ብምንባሩ ተዋሒጡ ክዳነውን'ውን ጠርጠሩ። ዳርጋ ምስ ኩሉየም ዋናታት ዒላ ኮይናም ደልየም ኣንፊት ኢዩተርኽበ። እዮቡ ብኸልን ማኽተወሳልን ትሕትን ሰዋሀን ብጽይ ነይሩ። ኣብ መጠረሽታ ኢታ ኣሃዱ ምኽቲ እዮ ዝበረ ሓለፍት፡ ተወጻይትን እምት ንወድብን ሃዱን ብምዝምዛ፡ ብጽየም ብሓይጋ ውሕጅ ነም ዝተሰወኡ ደምሚሙ።

ማኽረማርዝ፡ እየም ኣሃዱ ኣጽዋርም ናይ ምእላይ ምትክኻኽ ተካይድ ነበረት። ዝኩብን ጨፈቃን ተጻዊርን ብኽንደይ ጻዕሪ መረት ተፋሐሩ ኣጽዋሮውን ተቐቢሩ። ንምምህላል ኣዝዩ ኣጺንም ጻዕሪ ዝሓትትን ነይሩ። ብዘይ ገዲብ ግዜ ሰለ ዝሸርሑ ድማ እቲ ንብረት ኣብ ወኽቲ. ክልተ ሰዓስተ መሳልቲ ተወጋሒ፡ ናየም ዘይናየም (ናይዞን ካልኦት ክፍልታት) ሰነጣም ምስቲ ኣጽዋርም ቀዳሉም። ንብረታ ምስ ንብረት ዕቃብ ብረት ዝሓበኡት ሓንቲ ካብ ክፍልታት እንዳ ክፍሊ. ገዝዘበ ነይሩ።

ንኡ ሓንቲ ሳምናይት ዝርኒቦ ንብረት፡ ኣባኦት ኤምዳድ ምስ ኣጽዋርም ኩሓበኣላ ኣረኒባየም። እየም ገቑብሩ ዝበሩ ኣባኦት ከኡ ዝ. ንብረትዝ. ተረኒሀም ኣብ ትሕቶ ባይታዊ ገዝ ኣኽለየሞ። ዝ. ገደርም ኣየምሰም ሐዝም ምስ ከኣቲን ክፍልታት ናይቲ ዞባ ናብ ሚሕኣለይ (ደቡባዊ ምዕራብ) ኣዝለቑ። እንተኾኑ ኣብ ምዝላቕ እኽለወ፡ ሓደ ኣብል ካብ መንዲ. ጠፍኡ። እቲ ዝተወረ ሰብ ክብየም ኤታ ሳምናይት ተሰደራ ጸንኡተ። ነም ዝኾድዐ ድማ ተወሳኽ. መረጋጺት ከኦነ።

በዚ መሳረት፡ እቲ ዝኾድዐ ሰብ ዝፈልጦ ከሉ ኣብ ድሕሪ መሳመር ዝርክብ መኾዚታት ተቐይደሩ። ምዕራቡ ነም ማኽለይ ቦታ ድሕሪ መሳመር ጸላኢ. ምንባሩ መጠኔ ብዙሓ ኣጽዋሮኦ ዓቂቡ ነይሩ። ክኦብ ካልእ ወኽሰን ዘተኣማምንን ቦታታት ዝጀናሱ ህጹጽ ሰንቃሚ ብምወሳድ፡ ካብቲ ዝጀንሓ ነም ዝዘበል ተንብሩ። ኣብ ታሪኽ ድሕሪ መሳመር፡ እዝን እቲ ኣብ ጋርጋ ዘንጠመን ክድዓታት፡ ንሽራሕ ኣባኦት ኤምዳድ ካብ ዝዘዩ ቀንዲ እየምኔ።

ይቐጽል

ደበኔይ ተኽኡዝ.
ማ/ምርምርን ሰፍን
ቢጽ ሓለቓ ጠሰታፍ

ሓዳስ
ናድነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፈደራዝ ኣወል ኪር ሰዒድ፡ ተኸሳሲ. ኢብራሂም ሰሌማን ዓሊሸፍ፡ ደሃይ የብለይን ሰለ ዝበኣት፣ ብኣነል ወይ ብኬጋዊ ወከል ን1/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ቀረቡ፡ እንዘለዩቀራበኹ፡ ጉዳይነ ኣበዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣልኣም እስቲፋኖስ መምህነ ምነል ተረፉ፡ ኤሊያም እስቲፋኖስ መምህነ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕእኽሊ. 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ከሳሲ. ብፍ/በ/ማነል በዒነ ሰምኣን ዘሞ፡ ተኸሳሲ፡ ብፍ/በ/ዕዳ መረ/ፍ ኢያብ ኣሕፈርም ኣብነዶም 1. ወ/ሮ ሂሰን ተኽለ 2. ራይማን ኢያም ኣሕፈርም 3. ሚርን ኢያም ኣሕፈርም 4. የራን ኢያም ኣሕፈርም 5. ኣልዳና ኢያብ ኣሕፈርም፣ ግቡይ ፈጸሚ ዝምልከት ክሲ. ቀረብልክም ሰዝሎ፡ ብኣነል ወይ ብኬጋዊ ወከል ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ቀረቡ። እንዘለዩቀራበክም፡ ጉዳይነ ኣበዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

ኣቶ ኣማኑኤል ወልደኣብ ተኸሱሚኑኤል፡ ኣቦይ ወልደኣብ ተኸሱሚኑኤል ወልደየወሃነ ሰዝበጾረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉና ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን03/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ከሳሲት ኣስቴር ወልደሚርያም ሃይሉ፡ ወከል ሳሙኤል ወልደሚርያም ሃይሉ ተኸሳስቲ፡ 1. ተኸሱይ ብርሃነ ኪሮነ 2. ተኽለሃይማኖት መሰለ ብርሃ፣ ተኸሳሲ. ቁ2 ናይ ፖዝዘበ ክሲ. ቀረብልክ ሰለ ዘሎ፡ ብኣነል ወይ ብኬጋዊ ወከል ን08/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋኺያ ቁ38 ቀረቡ። እንዘለዩቀራበኹ፡ ጉዳይነ ኣበ ዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

ከሳሲ. ተወልደ ሃብየም ኤልያስ፡ ተኸሳሲ. ሳልሕ ኣሕመድ ኣድም፡ ንጉዳይ ሰም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ. ቀረብልክ ሰለ ዘሎ፡ መልሲ. ሐንቹ ብኣነል ወይ ብኬጋዊ ወከል ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ቀረቡ። እንዘለዩቀራበኹ፡ ጉዳይነ ኣበ ዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

ኣለም ጺጋይ ኣመናይ፡ ብዒል ቤተይ ተኸሳሳሲ በርሀ ሃብተማርያም ሰለዘየረፈ፡ ንጉይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ኣኽበረት እንድርያስ ወልደሰላሴ፡ ብዒል ቤተይ ወልደማርያም ሃይለ ተኸሳሳሲ ሰለዘየረፈ፣ ንጉይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ደግሚ ብሃለ ንብረመሳክል ንብረትንሳኤ መሃቩ፡ ወከል ታደሰሽ እማዋ ተድኣ፡ ወለት መልሲ. ትብጽ ንብረህይወት ሚርማጼ፡ ናይ መካና ሰለ ምትሕልላፍ ዝምልከት ንጉይ ሰለ ዘሎ፡ መ/ወለት ኣድሪሻኺ. ሰለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ. ን18/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ37 ቀረበ። እንዘለዩቀራበኪ፡ ጉዳይነ. ኣበዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

ኣብ መንነ ብፍ/በ/ማነል ሰናይት ሰዩም ንይትኣምን ብፍ/ሰበ/ዕዳ መረ/ፍ/ሰዩም ንይትኣም +12ን ዘሎ ናይ ፈጽሚ ጉዳይ ብዘምልክት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ሂሰን ሚርማይ፡ ኣድሪሻኺ. ሰለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኪ. ን11/23/36 ኣብ ቤ/ፍ ቁ37 ቀረበ። እንዘለዩቀራበኪ፡ ጉዳይነ. ኣብ ዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

በራኺ. ተኸሱይ በራኺ፡ ኣደይ ፋንታዋ ስብዙ፡ የወሃነ ሰለዘየረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ህልውቲ፡ ሓፍተይ 2 ከኣ መወትቲ ተተኣኢቲ (5) ደቀም ወረስቲ፡ ምኾንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበኣ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቁ. 49 ይቕረቡ።

ከሳሲ. ኣቶ ኣብርሃም ኣማረ ተኽለኢያስ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ፍጹም ቦኽረ ሃይሉ፡ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ናይ ቶዮታ ዲና ናይ ጸዕዶ መካና ቁሰሌዳ 3-A-4510 ቁጀኅ. BU88-0018175 ዝቮኦት ክሲ. ተመሳሪቱልካ ሰዝበኣ፡ ብኬጋዊ ወከል ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.11 መጋኺያ ቀረቡ። እንዘለዩቀራበኹ፡ ጉዳይነ ኣበዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ኾፍልጥ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ስለሚኣኤል ተኸሱጋብር ወልዱ ምነል ተረፉ፡ ቤታኣል ተኸሱጋብር ወልዱ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን14/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ኣቶ በዊነነ ሃብተንብርኤል ወልደንብረኤል፡ ኾፍ/ሂር ሽቃ ንብረማርያም ኣወዳሉም፡ ኣብ ሰዓዕጀሮ ንኡ/ዞባ ጋላ ኾፍሐ. ዝዘለዎ ጠሰነ ኣቑሐትን ብሰበየ ንኾፍ/ሂር ወኻያይ ሃብተንብርኤል ወልደንብርኤል ሰለ ዝዘበጉ፡ ኣባና ከኣ ብዚወት ሰለ ዘሎ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ነዳይድቀልና ሰለ ዝበኣ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ትርሓስ ተመሳሰገ ተኸሰተ ምነል ተረፉ፡ ፈሽን ተመሳሰገ ተኸሰተ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

መኣዛ ዎንዶም ከሰተ፡ ብዒል ቤተይ ሃይለ ክብርኣብ ተኽለኣብ ሰለዘተነወኣ፡ ንጉይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም ኣንተለ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ሰናይት ተሰፋሰላሴ ሃይሉ ምነል ተረፉ፡ ሰናይት ተሰፋሰላሴ ሃይለ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን13/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

የኣል ንብረእግዚኣብሄር ከሰተ ምነል ተረፉ፡ ሐብን ንብረእግዚኣብሄር ከሰተ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን24/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ወ/ሮ መብራት ንብረትንሳኤ ተሰፋይ፡ ኣደይ ተብርህ ዘርኢይ ሰለዘየረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ወደይ ወረስቲ፡ ምኾንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ከሳሲት ሳምራዊት ኣብርሃም መኸቴ ተኸሳሲ. ሚርን ተመሳሰገ ንብረትርኣየት ናይ ሓዲር ክሲ. ተመሳሪቱልካ ሰለ ዘሎ፡ ብኣነል ወይ ብኬጋዊ ወከል ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቀረቡ። እንዘለዩቀራበኹ፡ ጉዳይነ ኣበ ዘለኾኹ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

1. ደጀን ተወልደብርሃነ ንብረኤነ
2. በረኸት ተወልደብርሃነ ንብረኤነ
3. ፍረዘር ተወልደብርሃነ ንብረኤነ
4. ሂሰነ ተወልደብርሃነ ንብረኤነ፣ ንመሳልኪነም ዝቐንሸፍ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ኣብ መንነ ብፍ/በ/ማነል ወ/ሮ የዲት ተወልደብርሃነነ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣለም ንብረወሃነነ ተኸፈቱ ሰለ ዘሎ፡ ብኣነል ወይ ብኬጋዊ ወከል ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረበ። እንዘለዩቀራበኹም ጉዳይነኩም ኣብ ዘለኾኹም ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ኣበርሀት ተኸፋይ የወሃነ፡ ብዒል ቤተይ መብራሃየም ትክእ ሰለዘየረፈ፡ ንጉይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ወ/ሮ ኣልጎ ንብርያወሃነ፡ ብዒል ቤተይ ከሰተ እማዋ ባይራ ሰለዘየረፈ፡ ኣብ ዝኾኖኽኽስ ይኹን ዘይኾኖኽኽስ ንብረቱ ንጉይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኀኒላ

ያፊት ገዙኢ. ሰመረ ምነል ተረፉ፡ ያፊት ገዙኢ. ተኸፋሚርያም ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን18/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ፍረወንጀል ሰለሙን ጣዖመ ምነል ተረፉ፡ ፍትሓዊ ሰለሙን ጣዖመ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን18/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ኣማኒኤል ፍሰሃን ዓበል ፍሰሃን ተኽለሚኪኤል ምነል ተረፉ፡ ሚኪኤል ፍሰሃ ተኽለሚኪኤል ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሰተ መርሃጼን ንብረማርያም +6፡ ሕጋዊ ወከል መም/ ፋነኤል ከሰተ መርሃጼን ንብረማርያም፡ ተጸዋዕቲ፡ ዳንኤል ከሰተ መርሃጼ፡ ሰም ከሰተ መርሃጼ፡ ናይ ልቮንሳ ምህረዝ ክሲ. ተመሳሪቱልክም ሰዝበኣ፡ ብኣነል ወይ ብኬጋዊ ወከል ን1/12/26 ቀረቡ። እንዘለዩ ቀራበክም፡ ጉዳይነም ኣብ ዘለኾኽምሉ ክረኣ ምኾኑ ንሕቡር።

ትዕበ ኣብርሃ ወልደኣቡ ወለደይ ኣብርሃ ወልደኣብ ወልደትንኤን ሻኾት ሃብየም ወልደዳዊትን ሰዝበጾረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ፡ ምኾንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ርግኤት ንብርሚኪኤል ንብረእግዚኣብሄር፡ ወሲድና ንብርሚኪኤል ንብረእግዚኣብሄር ተሰማን ብረይ ንነሰ ክፍልማርያምን ሰዝበጾረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ፡ ምኾንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ሃብተሰላሴ ተፈረ፡ ብዒል ቤተይ መድሂኔ ንብረንርኣየስ ንብረሰላሴ ሰዝበዘነወኣ፡ ንጉይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ኣብ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ብርኽቲ ሰኽነ ንይትኣም፡ ብዒል ቤተይ ሚርማይ ተወልደ ንብረመሳክል ሰዝበዘነወኣ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ፡ ምኾንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ዴሃዊት ሚርማይ ሃይለ ምነል ተረፉ፡ ትዕግስቲ ሚርማይ ሃይለ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣብነ ዕቕባይ ኪዳነ ምነል ተረፉ፡ ያዜት ዕቕባይ ኪዳነ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዶኾምብያ

ወ/ሮ ሜና ንብረሲት ሃይሉ ብዒል ቤተይ ንብረሂወት የወሃነ ወልዱ ሰዝበዘነወኣ፡ ንጉይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ኣብ ወረስቲ፡ ምኾናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሓሊማ ኢጋሕለ. ዓሊ፡ ሰም ኣደይ መሞሪዳ ማይዘብ እድሪስ ምነል ተረፉ፡ ሓሚዳ ማይዘብ እድሪስ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ኢጋሕለ መሓመድ ገመዐር ምነል ተረፉ፡ ኢጋሕለ መሓመድ ገምዐር፣ ሰም ኣደይ ከኣ ሓሊማ መሳ ገራ ምነል ተረፉ፡ ኣህሳ መሳ ገራ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበኣ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን05/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረአምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Euro film Festival Asmara 2026

23rd to 28th of November



CINEMA ROMA

OPENING TIME: 18:30PM

SCREENED WITH ENGLISH SUBTITLES

18TH EURO FILM FESTIVAL IN ASMARA 2026

European Union · Ambassade de France en Érythrée · Embassy of the Federal Republic of Germany Asmara · Embassy of Italy Asmara · Office of the Embassy of Sweden in Asmara



NIEBEZPIECZNI ZENTELMENI (Dangerous Men), 2022
POLAND, Comedy/Crime
105 min

Joseph Conrad and three other notorious artists wake up after a crazy party with a dead man on their couch with no clue who he was, why he's dead, or why the gendarme is knocking at the door.

FREE ENTRANCE

Wednesday, 25th of November
Time: 18:30 pm



LA MOSSA DEL PINGUINO (The Move of the Penguin), 2013, ITALY, Comedy/Sport
94 min

Four friends discover the sport of curling, and, convinced of their potential, decide to form a team for the Winter Olympic Games of Turin 2006.

FREE ENTRANCE

Friday, 27th of November
Time: 18:30 pm



RIEN À DÉCLARER (Nothing to declare), 2010, FRANCE – BELGIUM, Comedy
103 min

A Belge-Francophone customs officer is forced to team up with a French counter part during the elimination of the Franco-Belge borders in the 90s.

FREE ENTRANCE

Monday, 23rd of November
Time: 18:30 pm



Mountain Miracle, 2017, GERMANY, Adventure,
97 min

A girl struggling with asthma is taken to a clinic in South Tyrol to be cured. After some time she decides to get out of this hell (that's how she feels about it) and soon she meets a new friend. Together they try to reach the peak of a mountain where, according to an old custom, she can be healed.

FREE ENTRANCE

Tuesday, 24th of November
Time: 18:30 pm



LUZZU, 2021, MALTA, Drama
95 min

A man risks everything to provide for his wife and newborn son by entering Malta's black-market fishing industry.

FREE ENTRANCE

Saturday, 28th of November
Time: 18:30 pm

ካብ መጻሕፍቲ

ብተስፋይ እስቲፋኖስ
9ይ ክፋል

ኲብላሊ
ኣብ ኣስመራን ዓድታት ኤርትራን

ኾነ ኣብ መደቀሲያይ ብሓሳባት ተጎቢአ ቀባሕባሕ እናበልኩ ከለኹ፡ ማዕጾ ክኹሕኳሕ ዝሰማዕኩ። ኣደይ ኢታይ እየን “ሓደርካ! ተንስእኳዶ ዘወደይ” በላ። እወ! ምስ በልክወን፡ “በል ተቐራረብ ዝወደይ፣ ሻሂ ቀሪበልካ ኣሎኹ ኣይትደንጉ። ሚስተር ሳንደስ ብኣጉዳሲ ነገር እየም ደልዩምኻ ዘሎው፡” በላ’ሞ፡ ከይተረድኣኒ “ኣደዋ!” በልኩን ዝነበረኒ ሻቐሎት ጥርዙ በጽሓኒ።

ተሓጺበ ክዳውንተይ ተኸዲኔ ንመኪና ሚስተር ሳንደስ እናወልወልኩ ከሎኹ፡ “ከመይ ሓዲርካ” ዝብል ድምጺ ናይ ሱብኣይ ብድሕረይ ሰማዕኩ። ኣይሓንሰ ኣይጓሂ ኮይነ ፍዝዝ በልኩ። ንኩነታተይ ዘስተብሃለ ሚስተር ሳንደስ፡ “ተቐሪቡካ ዲኻ” በለኒ’ሞ፡ “እወ! እወ!” ምስ በልክዎ፡ ካሻሎ ክኸፍተሉን ናብኡ ክመጽእን ብትሕትና ሓተተኒ። ምስኡ ተሰቒለ ናብ ቤት ትምህርቲ ፖይንት ፎር እናምራሕና ከሎና፡ “ሎሚ ዓበይቲ ኣጋይሽ ናብ ቤት ትምህርትና ክመጽኡና እየም። ኣብ’ቲ ቤት ትምህርቲ ዝሮት ምስ ገበሩ፡ ኣቐዲሞም ካብ ቤት ትምህርትና ምስ ዝተመረቑ ክራኸቡ እየም’ሞ፡ ንስኻ’ውን ክትረኽቦም ስለ ዝደለኹ እየ ምሳይ ክትመጽእ ደልየካ” በለኒ። ኣስዒቡ ኣቢሉ ከኣ “ናብ ገዛ ምስ ተመለስና፡ ሚስ ጁልያን ዘለትሉ ዕላል ክህልወና’ዩ” በለኒ። ሽዑ ኩሉ እቲ ዝነበረኒ ስክፍታ፡ ሻቕሎትን ተጸዕኖን ብሓንሳብ ቅንጥጥ በለለይ። ሽዑ ንሽዑ ገጸይ በሪሁ ብፍሽኽታ፡ ‘ሕራይ’ በልክዎ።

ኣብ’ቲ ቤት ትምህርቲ ምስ በጻሕና፡ ኣነ ናብ ትምህርተይ ንሱ ከኣ ኑዩም ዝመጽኡዎ ኣጋይሽ ክቕበል ክኸይድ ከሎ፡ እቶም ኣጋይሽ ብኣወቲስታ ተሰኒዮም ናብ ቀጽሪ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ክኣትዉ ረኣኹዎም። ሚስተር ሳንደስ ንኣጋይሹ ምስ ኣፋነዎም፡ ከም’ቲ ዝበለኒ ብሓንሳብ ንገዛ ተመለስና እሞ፡ ወ/ሮ ጁልያን ኣብ ኣፍ ደገ ገዛ ጸኒሓ ተቐበለትና። ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ድማ፡ ንገዛ ክንኣቱ ዓደመትና። እናኣተና ከሎና፡ ዘይኣመላ ስራሕ ቤት ንብዓብ ናይ ራደዮ ማሪና ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎ ንምፍላጥ ሓተተትኒ። ብሕቶኣ እናተገረምኩ፡ ሚስተር ሳንደስ ንወይዘሮ ህይወት ሻሂ ክምጽኣልና ብትሕትና ሓተተን እሞ፡ ንዓይ’ውን ኮፍ ክብል ዓደመኒ።

ወ/ሮ ጁልያን በላሕን ሕያወይትን ብምዃና፡ ናብ ጸቡቕ መገዲ ከደህብ ብዙሕ’ያ ትሕግዘኒ ዝነበረት። ናይ ዕላል ኣርእስቲ ኣብ ምኽፋት ብዝነበራ ክእለት፡ ብዛዕባ እቶም ናብ’ቲ ቤት ትምህርቲ ክበጽሑ ዝመጽኡ ኣጋይሽ ኸሽዕልሉ ንሚስተር ሳንደስ ምስ ዓደመቶ፡ ሚስተር ሳንደስ ምስ’ቲ ዕላሎም ኣተሓሒዙ፡ “ምስ ወ/ሮ ጁልያን ዕላል ክህሉወና እዩ፤ ግዜኡ ከኣ ኣኺሉ እዩ፤ ሕጂ ንዓ እሞ ሻሂ ንስተ” በላ። እቲ ካብ ደሮ ኣተሓሒዙ ድቃስ ክለኣኒ ዝሓደረ ጉዳይ ከኣ ሽዑ ብሚስተር ሳንደስ ጋህዲ ኮነ።

ሻሂ እናሰተና፡ ሚስተር ሳንደስ ናብ ብዓልቲ ቤቱ እናጠመተ፡ “እዛም ኣብ ቤት ትምህርትና ክበጽሑ ዝረኣኻዮም ኣመሪካውያን፡ ሓለፍቲ ናይ ሓንቲ ዓባይ ካምፓኒ ኮይኖም፡ ኣብዛ ሃገር ማዕድናት ክፍትሹ ኣሎም ዝመጽኡ እየም። ብዝነበርናዮ ምርድዳእ ከኣ ካብ ቤት ትምህርትና ዝተመረቑ ሞያውያን መንእሰያት ንስራሕ ክወስዱ እየም። ንስኻ’ውን ናይዚ ዕድል እዚ ተጠቃሚ ክትከውን ስለ ዝደለኹ እየ፡ “ሎሚ ምስ ወ/ሮ ጁልያን ዕላል ክህሉወና ምኽንያቱ ዝሓብረኩኻ” በላ። ወ/ሮ ጁልያን ኣብ መንጎ ኣትያ፡ “ርኢኻ ጁጆርጌ ንሕና ካብ’ቲ ዝተጸበናዮ ንላዕሊ ንፋዕን በሊሕን ኴንካ ኢና ረኺብናካ። ብኣኻ ከኣ ሕጉሳት ኢና። ካብና ክንፈልየካ’ውን ድልየትና ኣይኮነን። ግና፡ ንሕና ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ንዓድና ክንምለስ ኢና። ምሳና ክትከይድ ብመገዲ ቆንስል ኣመሪካ ብዙሕ ኢና ፈቲንና። ግና፡ ካብ’ቲ ናይ በርክራሲ መስርሕ (Process) ኣዕጋቢ መልሲ ኣይረኸብናን። ስለ’ዚ፡ ንሕና ቅድሚ ናብ ዓድና ምንቃልና፡ ብዛዕባ እኹል ተመኩሮ እትኸስበሉ ስራሕ ኣመልኪትና ምስ’ዞም ሚስተር ሳንደስ ዝተቐበሎም ኣጋይሽ ክትዘራረብ’ሞ፡ ንስኻ ምስኦም ስራሕ ንኽትጀምር ኢልና ኢና ሕጂ ነዕልል ዘሎና” በለት። ብድሕሪ’ዚ፡ ነንሓድሕዶም ምስ ተጠማመቱ፡ ንወ/ሮ ጁልያን ብኽያት ሰዓራ። ኩላትና ድማ ዝን በልና። ጸንሕ ኢሉ ሚስተር ሳንደስ፡ “ርኢኻ ጁጆርጌ፡ ንሕና ዚ ሃገር፡ ንዓኻን ንወ/ሮ ህይወትን ኣዚና ኢና ንፈትወኩም። ግን ‘ግዜኹም ኣኺሉ ስለ ዝኾነ ንኣመሪካ ክትምለሱ ኣለኩም’ ስለ ዝተበሃልና ኢና፡ ዚ ምስ’ዞም ዝሓበርኩኻ ትካል ስራሕ ናይ ምጅማር ሓሳብት ትቕበሎ እንተ ኴንካ ንምፍላጥ ክንዘራረብ ዝደለናካ። ትቕበሎ እንተ ኴንካ፡ ጸባሕ ናብ ቤት ጽሕፈቶም ክወስደካ እሞ፡ ቃለ-መሕትት ክትገብር” ምስ በለ፡ ኣእምሮይ ተረበሸ።

እቲ ዝበሉኒ ዝነበሩ፡ ምስ’ቲ ከየደቀሰ ዘሕደረኒ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ተሓዋዊሱ ድንግርግር ፈጠረለይ። ዝበሎ ምስ ጠፍኣኒ ከኣ “ይቕረታ፡ ሓንሳብ ንፋስ ክወስድ ደገ ክወጽእ” ብምባል ብድድ ኢለ ንደገ ወጻእኩ’ሞ፡ ከይተፈለጠኒ ንብዓት ቍጽርጽር ኣበለ ከበኒ። እናደለኹ ናብ ወ/ሮ ህይወት ኣምራሕኩ። ኣብ ደገ ኮፍ ኢለ ነታ ዝፈትዋ መደቀሲተይ እናረኣኹ ከኣ “እዚ ዝበልኩኒ ዘሎው ሓቂ ድዩ? ኣነስ ንዝፈትዋ ኣስመራን ዝፈትዎም ደቂ ኣስመራን ገዲፈ ክወጽእ” ብዝብል ሓሳባት ተጨነቕኩ። ወ/ሮ ህይወት ኣብ ጎድነይ ኮፍ ኢለን ከም ዝነበራ ኣየስተብሃልኩለንን። “እንታይ ደኣ ተሰኪፍካ ወደይ ኣብ’ዚ ንበይንኻ ኮፍ ኢልካ ዝን ትብል ዘሎኻ - ደሓን ኣይትጕሃን ዲኻ” ምስ በላ ተበራበርኩ። ከይተፈለጠና ዳርጋ ንሰዓት ዝኸውን ብዛዕባ ኩሉ’ቲ ዘጋጠመ ኣዕለልና። ክሳዕ ሕጂ ዝጠቕመኒ ዘሎ ዓቢይ ምኽሪ ድማ ለገሳለይ። ብድሕሪ’ዚ፡ ናብ ገዛ እንዳ ሚስተር ሳንደስ ተመለስኩ። ከም ወለደይ ኮይኖም ኩሉ’ቲ ዝነበሩለይ ደገፍን ሓልዮትን ንህይወተይ መቐጸሊ ብምዃኑ ፈጺመ ከም ዘይርስዖ ድማ ገለጽኩሎም። ቀጺለ ‘ንስኹም ኣካል ናይ ህይወተይ ኢኹም። ኣዝየ እየ ዝፈትወኩም’ ኢለ ተንሲአ ንኽልቲኦም የቐንየለይ እናበልኩ ሰዓምኩዎም፡ ‘ኩሉ እቲ ዝበልክዎም ንናተይ ጥቕሚ ከም ዝኾነ ተረዲአ እቕበሎ እየ’ በልኩዎም። ሽዑ ክልቲኦም ተታሓሒዞም ኣብዑ’ሞ፡ ሕንቅቕንቅ ኣሎም ምዝራብ ስኣኑ። በዚ ከኣ እታ ዕላልን ሱሓቕን ዘይፍለያ ዝነበረት ገዛ ንቑሩብ ደቓይቕ ጸጥ በለት።

ዳሉል ደንከልያ

ሚስተር ሳንደስ ዓቢይ መምህርን ወረጃ ሰብን እዩ ነይሩ። ኣብ’ቲ እዋን ኣብ ቤት ትምህርቲ ፖይንት ፎር ካብ ዝተማህሩ ንሱ ዘይፈልጦን ዘኽብሮን ኤርትራዊ ኣይነበረን። ሕያውነቱ፡ ስነ ስርዓቱን ምቕላል ኣሉ ንኹሉ ሰብ ሰላም ናይ ምባል ተፈታዊ ባህርያቱን ቀንዲ መለለይኡ እዩ ነይሩ። ከም ቃሉ ከኣ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓርሶንስ ፖታሽ ኮርፖረሽን (Parsons Potash Co.) ሓዚኒ ከደ’ሞ፡ ምስ ዋና ዳይረክተር ናይ’ቲ ካምፓኒ ዶ/ር ሆልዋርድ ድሕሪ ምርኻቡ፡ ናብ’ቲ ቤት ጽሕፈት ፐርሶናል ናይ’ቲ ካምፓኒ ከይደ ቃለ መሕትት ክገብር ተሓበረኒ።

ቃለ መሕትት ድሕሪ ምግባረይ፡ እቲ ኣመሪካዊ ፐርሶናል ሽዑ ንሽዑ “ካብ’ዚ እዋን’ዚ ጀሚርካ ድሉው ኴንካ ጸናሕ፣ ኣብ ዳሉል - ደንከልያ ኣብ ዝርከብ ናይ ፖታሽ ትካልና ስራሕ ክትጅምር ኢኻ። ስለዚ፡ ጽባሕ ተመሊስካ ኩሉ እቲ ስራሕ ንምጅማር ዘድሊ ቅጥዕታት ክትመልእ ኢኻ፣ እንቋዕ ሓጎሰካ!” በለኒ። ኣስዒቡ ኣቢሉ ከኣ “ካብ ገበን ናጻ ከም ዝኾንካ ዘረድእ ወረቐት ምስ ኣምጻእካ፡ ብመገዲ ናትና ሰራሕተኛ ከም ዝኾንካ ዝሕብር ወረቐት ክንህበካ ኢና” ብምባል ኣፋነወኒ።

ናብ’ቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሆልዋርድ ዝነበረ ሚስተር ሳንደስ ተመሊሰ፡ ቃለ መሕትት ከም ዝገበርኩን ኩሉ እቲ ፐርሶናል ዝበለንን ምስ ነገርኩዎ፡ ንሱ’ውን ተሓጒሱ “እንቋዕ ሓጎሰካ!” በለኒ። ምስ ዶ/ር ሆልዋርድ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ከኣ ተተሓሒዝና ንገዛ ተመለስና። ንወ/ሮ ጁልያንን ወ/ሮ ህይወትን ድማ ኣበሰርናየን። ወ/ሮ ጁልያን ዚ ምስ ሰምዐት ኣዚያ ተሓጒሳ’ሞ፡ “እዚ ገዛ ንሕና ካብ’ዚ ዓዲ ክሳዕ እንኸይድ ገዛኻን መደቀሲኻን እዩ፣ ከም ኩሉ ግዜ ናትካ እዩ። ምስ ወ/ሮ ህይወት’ውን ተረዳዲእና ስለ ዘሎና፡ ሕጂ ኩሉ ተወዲኡ ማለት ኣይኮነን” በለትኒ።

ሚስተር ሳንደስ ብወገኑ፡ ብዛዕባ እቲ ናይ ቤት ንብዓብ ስራሕ ከኣ ክልተ መዓልቲ ቅድሚ ምንቃልካ ንወ/ሮ ጁልያን ንገራ። ናይ’ቲ ኣብኡ ዝሰራሕካዮ ጻማ ባዕላ ምስ’ቶም ዝምልከቶም ኣካላት ተዘራሪባ እቲ ዝግብኣካ ክተምጽኣልካ እያ” በለኒ’ሞ፡ እናሰሓቐ ኣስዒቡ ኣቢሉ፡ “ምስ ተመለስካ መግዚኢ ካልኣይቲ ብሸግሪታ ክትረኽብ ይኽእል እዩ” ብምባል ጨረቐለይ። መሊሱ ከኣ “እዚ ሒዝካዮ ዘሎኻ ናብ ቃኘው መእተውን መውጽእን ዘገልግለካ ዘሎ ወረቐት’ውን ምስ ፕሮፌሰር ማርሻል ብዝነበርናዮ ምርድዳእ ዘይወድቕ እዩ። ንኹሉ ግዜ ናብ ቃኘው ስቴሽን ንምእታው ክጠቕመካ ይኽእል’ዩ። እዚ ሕጂ ትጅምሮ ሓዲሽ ስራሕ እንተ ዘይፈቲኻዮ ድማ፡ ኣብ ቃኘው ስቴሽን ስራሕ ክትጅምር ቀዳምነት ስለ ዘውህበካ ኣይክትመልሶን ኢኻ - ምሳኻ ሓዊ” ኢሉ ኣፋነወኒ።



ቁሩብ ምስ ወ/ሮ ህይወት ምስ ኣዕለልኩ፡ ካብ እንዳ ሚስተር ሳንደስ ብሸግሪታይ ኣልዒለ ብዛዕባ’ቲ ዘጋጠመኒ ሓድሽ ኩነታት ነቦይ ክነግሮ ብማለት ከይተፈለጠኒ ጎልፍ በጺሐኩ። ጎልፍ፡ እቲ ዘዕበየኒ ምስ ፕዝዘብን ምስ እንዳ ሚስተር ሳንደስን ዘላለየኒ ቦታ ጥራይ ዘይኮነ፡ ማዕጾ ብሩህ ህይወት ዝኸፈተለይ ኣዝየ ዝፈትዎ ጎላጉል ቤት መኻእ እዩ። እወ! ናብራ ሓውሲ ገጠርን ከተማን ከስተማቕር ዘኽኣለኒ፡ ካብ ዝኽርታተይ ንሓንቲ ደቒቕ’ውን ትኹን ክኽወል ዘይክእል ጎልጎል። ናብ ጎልፍ እንታይ እዋነይ ከም ዝበጻሕኩ ከይተረድኣኒ ምስ መዋዕልተይ ደቂ ጎልፍ ሰላምታ ተለዋዊጠ ምስ ኣቦይ ተራኺበኩ።

ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥና፡ ብዛዕባ’ቲ ዘጋጠመ ኩሉ ነቦይ ነገርኩዎ። ንሱ’ውን ልክዕ ከም’ቲ ወ/ሮ ህይወት ዝበላ፡ “እንዳ ሚስተር ሳንደስ እኮ ካብ ርሑቕ ዝመጽኡ ጋሻት እዮም። ናብ ዝመጽኡዎ ክምለሱ ድማ ናይ ግድን እዩ። ስለ’ዚ እያ ናትካን ናታቶምን ርክብ ሓደ መዓልቲ ከም ዝቋረጽ ደጋጊመ ዝነግረካ ዝነበርኩ። እቲ ብሕጂ ዝመጽእ ክስተት እዩ ንመጻኢ ህይወትካ ኣገዳሲ መምርሒ ዝኸውን እምበር፡ እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ዘሕዝን ኣይኮነን። ኩሉ እቲ ክንሕግዘካ ዝበሉኻ ዘሎው ድማ ተቐበሎ፣ መባልዕትኻ ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም። ንዕኦም’ውን ኣመስግኖም” እናበለ ድሕሪ ምምራቑ፡ ከም’ዚ ክብል ሓንቲ ረዚን ምኽሪ ለገሰለይ፦ “ተስፋይ ወደይ! ኩሉ እቲ ደስ ዝበለካ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ግን ሓደራ! ኩሪዕካ ምእንቲ ክትነብር፡ ርእስኻ ዘድንን ዝኾነ ይኹን ነገር ከይትገብር። ሓንሳብ ርእስኻ እንተ ኣድኒንካ፡ ንምሉእ ህይወትካ ሓፊርካ ክትነብር ኢኻ። ስለዚ፡ መታን ርእሲ ምትእምማን ከይተጥፍእ፡ ሓደራ ምኽረይ ዘክር። ካብ ሕማቕ ሰብ ምግባር ተኣለ ዝወደይ። ጽኑዕ ርጉጽ! ሰናይ ጉዕዞ ይግበረልካ” ኢሉ ብምርቓ ኣፋነወኒ።

ምስ ወላዲየይ ዕላል ወዲአን ምርቓኡ ተቐቢለን ምስ መዋዕልተይ ናይ ደሓን ቆጸራ ሰላምታ ምስ ተለዋወጥኩ፡ ብቐጥታ ናብ ሹቕ ኣምራሕኩ። ኣብ ሹቕ ብኣጋጣሚ ምስ ሓደ ካብ’ቶም ምሳይ ስራሕ ክጅምሩ ዝተመዘገቡ ሕጹያት ተራኸብኩ። ቁሩብ ድሕሪ ምዕላል ከኣ ኩሉ እቲ ዝተበሃልኩዎ ሓበርክዎ እሞ፡ ስለ ዝተሓጎሰ ኣማስጊኑኒ ካባይ ተፈልየ። ካብ’ታ እዋን እቲኣ ኣትሒዙ ክሳዕ ካብ’ዛ ዓለም ብሞት ዝፍለ ናይ ብሓቂ ዝፈትዎ ዓርከይ ዝነበረ፡ ነብሱ ይምሓር መሓመድ ሳልሕ ናስር እዩ። መሓመድ ሳልሕ ናስር፡ ደሓር ኣብ ማእከል ከተማ ወናኒ ቤት ሻሂ ዳሉል ኮይኑ ዝነበረ እዩ።

ብ12 መጋቢት 1959 ምስ ትካል ፓርሶንስ ፖታሽ ኮርፖረሽን ናይ ስራሕ ውዕል ድሕሪ ምፍራመይ፡ ናብ’ቲ ናይ ስራሕ ቦታይ ዝብገሰሉ ግዜ ኣኸለ። እቲ ዕለት፡ 15 ግንቦት 1959 ናይ ንግሆ ኮይኑ፡ ኣብ መቐበል ኣጋይሽ ተርሚናል መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ምስ ሽዱሽተ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ሰለስተ ኣመሪካውያን ክኢላታት ስነ ምድርን ኣርባዕተ ኢጣልያውያን ሰብ ሞያን ዝተራኸብናሉን ንመጀመርያ ግዜ ብቐረባ ነፋሪት ዝረኣኹሉን እዩ ነይሩ። ኣብ’ቲ እዋን፡ ብነፋሪት ምጓዝ ማለት፡ ልክዕ ናብ መጨረሽታ ዓለም ከም ምኻድ እዩ ዝርአ ዝነበረ። በዚ ከኣ መቐበልን መፋነውን ኣጋይሽ ተርሚናል ኣስመራ ንእሹቶይ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ብፋኑው ሰድራቤታት፡ ኣዝማድን ኣዕሩኽን ኣዕለቕሊቑ እዩ ዝነበረ። ከም’ቲ ንኻልኦት፡ ንዓይ’ውን ካብ ቤተሰበይን ኣዕሩኽተይን ክፋንዉኒ ኣብ’ቲ መዕርፎ ነፈርቲ ተረኺቦም ነይሮም። ዘይተጸበኹዎ፡ ቀቅድሚ ኣስማትና ምጽዋዕን ናብ’ታ ነፋሪት ገጽና ምብጋስናን፡ ሚስተር ሳንደስ ንወ/ሮ ህይወት ሒዙወን ደበኽ በለ። ብምሕር ታሕጓስ ዝኣክል ንብዓት ሰዓሩኒ። ንኽልቲኦም ሓቚፈ ምስ ሰዓምኩዎም፡ ጸሊም ንጻዕዳ ሓቚፉ ክስዕም ብምርኣዮም ብዙሕ ዝተገረሙ ሰባት ኣብ ከባቢና ኣስተብሂልኩ።

ካብ ብሸግሪታ ጥር ኣለ ናብ ነፋሪት ምድያበይ ክኣምኖ ዘይከኣልኩ ሃንደበታዊ ክስተት ስለ ዝኾነ፡ ቅድሚ ምድያበይ ነታ ነፋሪት ቀው ኢለ እየ ዝጠመትክዋ። ‘DC-3’ ተባሂላ እትጽዋዕ ናይ’ቲ እዋን ዝማዕበለት ዘመናዊት ነፋሪት ኮይና፡ ሓደ ፓይለት ምስ ተሓጋጋዚኡን ሰለስተ ኣሳሰይትን ዝነበሩዋ እያ። ቅድሚ ምብጋስና፡ በዞን ኣሳሰይቲ መዕጠቒ ቁልፊ ክንዕጠቕ ምስ ተሓበርና፡ ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኢሉ ምስ ዝነበረ ዓርከይ መሓመድ ሳልሕ ናስር ተጠማመትና። ክልቴና ንፈለማ እዋን ነፋሪት ዝተሰቐልና ብምንባርና፡ “ናይ እንታይ መዕጠቒ እዩ ዝብሉና ዘለዉ?” ተባሂልና ሰሓቕ ብሰሓቕ ኮንና። ኣብራሪ ነፋሪት ከም’ቲ ኩሉ ግዜ ዝገብሮ ብመጒልሕ ድምጺ ገይሩ ክንዑበስ ከም ዝኾንና፡ እቲ ጉዕዞ ክንደይ ደቓይቕ ከም ዝወሰደልናን ካልእ ሓበሬታን ምስ ሃበ፡ ነፋሪት ተበገሰት። ናብይ ኣንፈት ንጓዓዝ ከም ዘለና ብዘይምፍላጥና፡ እንደገና ምስ’ቲ ዓርከይ እናተጠማመትና ኣብ ስምባደ ከም ዝኣቶና ዘስተብሃለት - ብትውልዲ ኤርትራዊት ዝኾነት ኣሳሳይት፡ “ኣጆኹም” ክትብለናን ነፋሪት ኣብ’ቲ ከርኣሕ ናይ ቅጥራን ጽርግያ ሓርገጽገጽ ክትብልን ሓደ ኮነ። ነፋሪት ብፍጥነት እናተሓንበበት ንሰማይ ኣንቃዕሪራ ክትድይብ ምስ ጀመረት፡ ብኡ መጠን ፍርሒ ተሰሚዑኒ ትርግታ ልበይ ብዝያዳ ክውስኽ ጀመረ።

...ይቕጽል



ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

ክብደት ሰብነት ንምቕናስ ዝበለጹ ምውሰዋስ ኣካላት

• ክብደት ሰቡኡ ንምቕናስ ዝሰዓሩ ተግዚሉም ካብ ዝኾመሉም ዓይነት ምውሰዋስ ኣሎኹ፡ ብኹሪ ምግዳዙ ዘበዘበ ወይ ጉያ፡ ብሽክሊታ ምዝዋር፡ ምሕንጉኑ ነምኡ'ውን ዮጋ እየ።

• ኽፍኒ-ወፋፍ ዓይነት ምውሰዋስ ኣሎኹ፡ ነም መጠን ክብደት ሰቡኡን ጻዕዚን ዝተፈላለየ ዓቐን ካሎሪ ናይ ምቅጻል ዓቕሚ ኣለምን።

ብኹሪ ምግዳዝ

ብኹሪ ምግዳዝ እቲ ዝበለጸን ገቐለለን ዋጋ ዘይክፈሉ፡ ክብደት ሰቡኡ ንምቕናስ ዝኽሪግዘ ዓይነት ምውሰዋስ ኣሎኹ እዩ። "ኣብ መሳጊን ቈዋዳታትን"ውን ብዙሕ ተጸዕኖ ዘይብሉ ዓይነት ምውሰዋስ ኣሎኹ" ተባሂሉ ሰለ ዝግለጸ፡ ንዘቸዓ ሰብ ነፀምችእ ይኽእሉ።

ጥዕናዊ መጸናዕትታት ነም ዘመልኽትዎ፡ 65 ኪሎ ግራም ዝሜዘን ሰብ ሰፉዕ ዘቸዓ ብኹሪ ናይ ምግዳዝ ምውሰዋስ ኣሎኹ ምስ ዘካይዱ፡ ብመጋም 7.6 ካሎሪ ኣብ ደቒቕ ኪቃጸል ይኽእል። 81 ኪሎ ግራም ዝሜዘን ሰብ ደግ ኣሊታት 9.7 ካሎሪ ኣብ ደቒቕ የቃጽል።

ኣብዚ ቀረባ መልኪታት ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ 20 ከየዓት ደቂ ኣንስትዮ መጸናዕቲ ተኻይዱ ነይሩ። እዞን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሶመን ሰለኡተ ሳዕ ካብ 50 ክሳብ 70 ደቓይቕ ብኹሪን ነም ዝሾዓዝ ድሕሪ ምግዳዝ፡ ሰቡኡ፡ ኣሎሉን ብ1.5 ሚኢታዊት፡ ዓቐን ሸምጠን ደግ ብ1.1 ሚኢታዊት ክንድል ተዓዚቦም።



ነዞም መጸናዕቲ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዘ ብኹሪ ክዳዙ ተሓቲቶም። እዚ፡ ኩለም ኣሎኹ ብዓሸሩን ሕማም ልብን ሕማም ሸዅርን ክሳዕብ ዝኾኦል ሓደጀኛ ሰቡኡ እዩ።

ሰለዚ፡ ኣብ ሶመን ካብ 3 ክሳብ 4 ሳዕ ን30 ወይ 30 ደቓይቕ ዝጀንሕ ናይ ዘብ ዘብ ወይ ናይ ጉያ ምውሰዋስ ኣሎኹ ከተካይድ ፈትን። እቲ ምውሰዋስ ኣሎኹ ተካይዶሉ ሰፍራ ኣብ ክንዲ ኣብ ጸርግያ ንጽናዕ ብዘዓሸእ ኣብ ልመሪ ሳዕሪውን ክትንብር ደኽኦል እዩ።

ብሽክሊታ ምዝዋር

ብሽክሊታ ምዝዋር፡ ክብደት ሰቡኡ ምስእ ብምስእ ንመሓወር ዘኽሸም ዓይነት ምውሰዋስ ኣሎኹ ብምኻኑ፡ ኣብ መሳግን ቈዋዳታትን ከቢድ ተጸዕኖ ክፈጥር ኣይክእልን እዩ። በዚ፡ እዚ ዓይነት ምውሰዋስ ኣሎኹ ብብዙሓት ሰባት ተመሪጹ ኩይኑ ደርኺ እዩ።

ጥዕናዊ መጸናዕትታት ነም ዘመልኽትዎ፡ 65 ኪሎ ግራም ዝሜዘን ሰብ ኣብ ሰዓት 16 ኪሎ ሜትር (10 ማይል) ብሽክሊታ ምስ ዝዘወር 6.4 ካሎሪ ኪቃጸል ይኽእል። 81 ኪሎ ግራም ዝሜዘን ደግ 8.2 ካሎሪ የህልኽ።

ቀጻሊ ብሽክሊታ ምዝዋር ዘዘወትር ሰብ ሓፈሻዊ ዝኾነ ኣህዋዊ ብቓዓት ክወንን ነም ዝኽእል ይንገር። ዝዖለ ተኣፋፍት ኢንሱሊን ሰለ ዘለዎ፡ ብቑሉሉ ሕማም ሸዅር ከጥዋየ ኢይክእልን። ብዘዘፈላለዩ ዓይኒታት ሕማም ልቢን መሻሸሮን ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ዝተሓተ ብዘዘወትሩ ዝመሓሰ ብህደወት ክጸንሕ ይኽእል።

ምሕንጉኑ

መጸናዕትታት ነም ዘመልኽትዎ፡ 65 ኪሎ ግራም ዝሜዘን ሰብ ብምኽሳዪ ፍጥነት እናሓንሰ ኣብ ደቒቕ 9 ካሎሪ ከጥፍእ ይኽእል። 81 ኪሎ ግራም ዝሜዘን ደግ ብተመሳሳሊ ግዜን ፍጥነትን 11.6 ካሎሪ ከህልኽ ይኽእል።

እቲ መጸናዕቲ ወሲኹ፡ ንጥቅመሉ ኣገባብ ምሕንጉኑ ኣብ ምህላኽ መጠን ካሎሪ ሃናይ ንጹ ርኽሱ ተረ ነም ዘለዎ የመልኽት። ብኽብድኻ ደቂቐት በዲዳወትን ዝተመጣጠኑ መዓቢታት ምምጋብን ኣህዋዊ ብቓዓት ንምሕያል እኽል ምውሰዋስ ኣሎኹ ምኻየድን ብቑዳምነት ኣብ ግምት ዝኣተወ ኣገባብ ሜል መንበር እየ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ብህኽኒ ዝርኢ ዘሎ ምውሳኽ ክብደት ሰቡኡን ምኽሳዀን ሜል ምቁጽጻር ክብደት ሰቡኡ ኣገዙ ክድሪኡሉ ዝኾኽ ኣገባብ ምኻኡ'የም ክኢላታት ብዙደጋጋሚ ዝኽሪሩ።

ብደረጃ ዓለም መሳት ምኽሳዀን ምውሳኽ ክብደት ሰቡኡን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይኸይድ ነም ዘሎ መጸናዕትታት የመልክቱ። ሶሚን ኣመሪካ ብብዝሒ ከሰዓትን ልዕሊ ንብር ክብደት ሰቡኡ ዝውሱን ኣህዘበ ዘለዋ ክፍሊ ዓለምና እዩ። ኣሊታት 60 ሚኢታዊት ኣመሪካውያንን ካናዳውያንን ከሰዓት እየምኑ።

ኣብ ምቁጽጻር ክብደት ሰቡኡ ዘገድሱ ነጥብታት



ክብደት ሰቡኡ ንምውሳኽ ዘኽእሉ ረቒሒታት ብዙሓት እየምኑ። ኣመጋግቡ ኣህዋዊ ምንክሳቑኡ ተወርሱ ከብቢዮዊ ኩነታት፡ ፍወጎ ነምኡ'ውን ሕማም ገለ ካብኦም እየምኑ። ነፍሲ-ወከፎም ንክብደት ሰቡኡ ብዘዘፈላለየ መልክዑ ክሳብ ዝዘፈላለየ ዓቐን ነዩልውዎ ይኽእሉ።

ምምዕራይ ካሎሪ

ሳይንሲ ኣብ ምቁጽጻር ክብደት ሰቡኡ ዝህቦ መገዲ ኣገዙ ዝተሓላለኸ እዩ። ሓደ ካብቲ ክብደት ሰቡኡን መቀጽሪ ዝኸየዘ ኣገባብ ምምዕራይ ካሎሪ ኣብ ሰብኡን እዩ። ምምዕራይ ካሎሪ ማለት ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ሓደ ሰብ ዝወስዶ ዓቐን ካሎሪን ዘህልኾ መጠን ካሎሪን ዘሎ ፍልልይ ዘርኢ ቅማረ እዩ።

• ዝተወስደ ካሎሪ (መግቢ፡ መሳቱ) ምስ ዝተቓጸለ ካሎሪ (መግቢ ብምሕቃቕ ብምወሰዋስን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብምካየድን ሕማም ወዘተ) ማእረ እንተኾይኑ ኣብ ክብደት ሰቡኡ ዝኾነ ለውጢ ኣይህሉን እዩ።

• ዝተወስደ ካሎሪ ካብ ዝተቓጸለ ካሎሪ ምስ ዝነበረ፡ ክብደት ምውሳኽ ይረኽ።

• ዝተወስደ ካሎሪ ካብ ዝተቓጸለ ካሎሪ ምስ ዝወሓደ፡ ክብደት ምጉዳል ይረኽ።

መግቢ

ብዝሒ (quantity) እንወስዶ መግቦን ፈሳስን ኣብ ምቁጽጻር ክብደት ሰቡኡ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ኣብ ርኽቢ'ዚ፡ ዓይነት (quality) ናይቲ እንወስዶ መግቦን መሳቱን'ውን ብዘለዎ መልክዑ ልዑል ጸልዋ ኣለዎ። እዚ ማለት ዝተመጣጠነ መግቢ ምብላዕ ጥራሕ ዘይኮነ ዓቐን ናይቲ ትወስዶ ዘለኻ ዓይነት መግቢ (ወይ መኣዝ) ምፍላጥ'ውን ኣገዙ ኣገዳሲ እዩ። ገለ መግቢታት ዋላ ብዓቐኖም ውሑዳት ይኾኑ ልዑል ካሎሪ ዘለዎም ክኾኑ ይኽእሉ እየምኑ። ንኡቡኡ ሸቅሪዊ መግቢታትን መሳቱን ልዑል ካሎሪ ካብ ዘለዎም ዓይነት ምኽናም ኣይዝዘንሕኩ።

ኣብ ምቁጽጻር ክብደት ሰቡኡ ክትወስዶም እትምነር መግቢታት፦

• ዝተፈላለዩ ዓይነት ቀጻላት ኢትምልቲ፡

• ዝተፈላለዩ ዓይነት ፍረታት፡

• ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣኽልቲ፡

• ትሑት ቅብኡት ዘለዎም ወይ'ውን ቅብኡት ዘይብሎም ዓይነት ጸቦን ወጽኢቱን።

• ፕሮቲን ዘለዎም ነም ሰብኡ ዘይብሉ ሲጉ ዓይነት ዓሉ ጥረታት ወዘተ።

ብክኡት ዓቐን ዝወሰዱ ወይ'ውን ጠቕሊሉም ዘይወሰዱ

• ሰብኡ ካብ 10 ሚኢታዊት ካብ ጠቕላላ ካሎሪ ናይ መሳልቲ ክዘይድ ኣይግብርን።

• ሸዅር ካብ 10 ሚኢታዊት ካብ ጠቕላላ ካሎሪ ናይ መሳልቲ ክዘይድ ኣይግብርን።

• ጨው ኣብ መሳልቲ ካብ 2,300 ሚሪም ንላዕሊ ክእወስድ ኣይግብእን።

• ኣልኮላዊ መሳቱ ኣብ መሳልቲ ናይ ዝወሰድ ዓቐን ካብ ሓደ መሳኽያ ክዘይድ ኣይግብእን።

ኣህዋዊ ምንክሳቑኡ


ኣህዋዊ ምንክሳቑኡ ሓደ ካብ መሳልታዊ ናይ ኣሎኹን ካሎሪ ንምቁጻል ዝኽግዘና ኣገባብ እዩ። ኣህዋዊ ምንክሳቑኡ በዚ ዝዕብ ተመቒሉ ክርኢ ደኣሉ፦

• ምውሰዋስ ዝጠልብ ሃልኪ ስራሕ፡

• ምውሰዋስ ንዕሉ ነም ስራሕ፡

• ካብ ስራሕ ወጺኡ ዝግበር ምውሰዋስ ኣሎኹ።

ዝም ኣብ ሳዕሊ ዝተጠቕሱ ምውሰዋስ ኣሎኹ ዝዕድሙ ንጥፈታት ኣብ ግምት ብምእታው ሓደ ሰብ ኣብ መሳልቲ ብወሓሱ 30 ደቓይቕ ምውሰዋስ ኣሎኹ ክዘይድ ይግብር።



ንቑሕ ደበና


ሄለን መኸታ

ጽላሎት ኣእምሮ

ክንደይ ካብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ምስ ውነና ነካይዶ፧

ውኑ፡ ትሕተ ውኑን ውኑ ኣልቦን ክፋል ኣእምሮና ኣብ መንጐ ፈላስፋታት፡ ስነ ፍልጠታውያንን ክኢላታት ስነ ልቦናን ኣካታዒ ኣርእስቲ ካብ ዝኾውን ዘመናት ኣቑጺሩ ይርከብ። ኣብዚ ዓውዲ ብርክት ዝበለ ስነ ልቦናዊ ኣምራት ዘበርከተ 'ስግመንድ ፍሮይድ፡ ካብ ወነና ወጻኢ ዝኾነ ክፋል ኣእምሮና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ፋልማዊ ወይ ጥንታዊ(ፕሪሚቲቭ) ሰብኣዊ ድርኺት፡ ስምዒትን ባህግታትን ሓቑፉ ከም ዝርከብ ይገልጽ። ስዒቦም ኣብዚ ዓውዲ ተገዳስነት ዝነበሮም ተመራመርቲ ካርል ጁንን ጄን ፒያጀትን፡ 'ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮ'መኽዘን ዝኽርታትን ሕሉፍ ተመኩሮታትን ከም ዝኾነ ገሊጾም። ኵሎም ዝሰማምዑሉ ሓሳብ ግን እዞም ዝኽርታትን ተመኩሮታትን ብቐሊሉ ክንበጽሖም ዋላ ድኣ ኣይንኽኣል እምበር ንህሉው ባህርያትና ብዓብላሊ ኣገባብ ከም ዝጸልዉ እዩ። ገለ ካብ ሓሳባትና፡ ስምዒትናን ባህርያትናን ብዘይ ውነና ከም ዝካየድ ምርዳእ መሳጥን ኣስጋእን ኵነት እዩ። እዚ ክንበጽሖ፡ ክንከፍቶን ከም ድላይና ክንቈጻጸሮን ዘይንኽእል ክፋል ኣእምሮና 70-80 ሚእታዊት ናይ ስምዒትናን፡ ዝኽርናን ሓሳብናን ከም ዝሸፍን ስግመንድ ይገልጽ። ክኢላ ስነ ልቦና ዊልያም ጀምስ ከኣ 50 ሚእታዊት ናይ ውሳነና በዚ ክፋል ኣእምሮና ከም ዝውሰን ይገልጽ። ሰለስተ ርብዒ ወይ ፍርቂ ስራሕ ኣእምሮና ብዘይ ኣፍልጦና ይካየድ ካብ ሃለወ፡ ውነና ድኣ እንታይ ይሰርሕ፧

ዓውዲ ስነ ኣእምሮ፡ ንኣእምሮ ሰብ ኣብ ክልተ ይመቕሎ፣ ውኑን ውኑ ኣልቦን። ገለ መወከሲታት ሳልሳይ 'ትሕተ ውኑ' ዝበሃል ክፋል ከም ዘሎ ይሕብር፣ እዚ ክፋል ግን ምስ ውኑ ኣልቦ እዩ ዝምደብ። ውኑን ውኑ ኣልቦን ክፋል ኣእምሮናን ልክዕ ከም ስሙ ዝገልጾ ብውነና ዝካየድ ንጥፈታትን ብዘይ ውነና ዝካየድ ንጥፈታትን የመሓድር። ኣእምሮና ኩሉ ዘወረስናዮን ኣብ ህይወት ዝተመኵርናዮን ሓበሬታ ይኽዝን። እቲ ፍልልይ ኣብ ምሕደራ እዩ። ገሊኡ ነስተብህለሉ፡ ስምዒት ህዋሳትና የለልዮ፡ ንዝክሮ፡ ኣብ ዝደለናዮ ግዜ ንውሳነ ንጥቀመሉ፣ ወዘተ፡ እዚ መስርሕ'ዚ ውኑ ዝኽተሎ መስርሕ እዩ። ገለ ንጥፈታት ኣእምሮና ግን ኣይስምዓናን፣ ኣይነስተብህለሉን ወይ ከነስተብህለሉ ፍሉይ ጥበብ ይሓትት፣ ጽልዋኡ ኣብ ባህርናን ውሳነን ክንዕቅኖን ክንገልጾን ኣይንኽእልን፣ ወዘተ፡ እዚ መስርሕ'ዚ ከኣ ውኑ ኣልቦ ይብሃል።



ውኑ ኣልቦ፡ ገና ስነ ፍልጠት ክበጽሖ ኣጸጊሙ ካብ ዘሎ ክፋል ኣእምሮና እዩ። ክልለን ክዕቀንን ኣጸጋሚ ካብ ዝገበሮ ረቛሒ ሓደ፡ ንምርምር ዘገልግል ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒ ክምሃዝ ዘይምኽኣሉ እዩ። ክሳዕ ሕጂ ተበጺሑ ኣብ ዘሎ ምዕባለ፡ ምስሊ ኣእምሮ፡ ህላወ ስምዒትን ምንቅስቓስ ሓንጎልን ብመልክዕ ስእሊ ዝህብ መሳርሒ፡ ኤም.ኣር.ኣይ፡ ጥራይ እዩ ተማሂዙ ዝርከብ። ኤም.ኣር.ኣይ ኣብ ዓውዲ ሕክምናን ስነ መትንን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝገበረ መሳርሒ እኳ እንተኾነ ንጥፈታት ኣእምሮ ብዝርዝር ክትገልጸሉ እትክእል ሓበሬታ ክህብ ግን ኣይከኣለን ዘሎ። ብፍላይ ብዘይ ውኑ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ኣይኮነን መሳርሒ፡ እቲ ዋና ኣእምሮ ዝኾነ ሰብ'ውን ከም ዝካየድ ዘሎ ኣፍልጦ ስለዘይብሉ፡ ነቲ ብድሆ ኣጋዲድዎ ይርከብ። ክሳዕ ሕጂ ንውኑ ኣልቦ ንጥፈታት ኣእምሮ ክንድህሰሰሉ እንኽእል መገዲ የለን ማለት ግን ኣይኮነን። ገለ ካብቲ ተመራመርቲ ዝጥቀምሉ ኣገባባት ሕልሚ ምፍታሕ እዩ።

ኣደታትና ሕልሚ ክፈትሓ እንክለዋ ልምዳዊ ወግዒ እምበር ምስ ስነ ፍልጠት ምትሕሓዝ ዘሎዎ ዘይመስለና ኣይንስኣንን ኢና። ብፍላይ ኣብ ምፍታሕ ሕልሚ ዘይኣምን ሰብ ቊም ነገር ዘይብሉ ንጥፈት ኮይኑ ክረኣዮ ንቡር እዩ። ምፍታሕ ሕልሚ ሓደ ኣገባብ ተፍትሽ ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮና እዩ። ምኽንያቱ ድቃስ ንኣእምሮና ካብ ውኑ ናብ ውኑ ኣልቦ ስለዘሰጋግሮ። ኣደታትና ዝጥቀማሉ ኣገባብን ኣብ ዓውዲ ስነ ኣእምሮ ዝግበርን ምፍታሕ ሕልሚ ፍልልይ ኣሎዎ። ኣብ ሕብረተሰብና ኩሉ ሕልሚ ኣይፍታሕን እዩ፣ ገሊኡ ሕልሚ ንምፍታሕ ብቑዕ ስለዘይኮነ ኣይፍታሕን እዩ። ንኣብነት፥ ኣብ ግዜ ወጋሕታ ዝሕለም ሕልሚ ከም ሕልሚ ኣይሕሰብ እዩ። እቲ ኣብ ለይቲ ዝሕለም'ውን ምስ መዓልታዊ ንጥፈታት፡ ስምዒትናን ባህግታትና ዝመሳሰል ሕልሚ ምስ ዝኸውን ሽለል እዩ ዝበሃል። እቲ ምስ ዝኾነ መዓልታዊ ንጥፈታትና ምትእስሳር ዘይብሉ፡ ዛንታኣዊ ዝመስል ፍጻመ ግን ንምፍታሕ ቅቡል ትሕዝቶ ከም ዘሎዎ ይሕሰብ። ኣብ ዓውዲ ስነ ኣእምሮ'ውን እቲ ካብ መዓልታዊ ንጥፈታትን ባህግታትን ዝማሕደገ ዓይነት ሕልሚ እዩ ትርጉም ኣሎዎ ዝበሃል። እቲ ቀንዲ ፍልልይ ግን ኣብ ኣተራጉማ እቲ ሕልሚ እዩ፣ ኣብ ሕብረተሰብና ሕልሚ ንመጻኢ እዩ ዝእንፍት፣ "ኣብ ስድራኹም ሓደ ዝመውት ኣሎ፣" "ዘይፈለጥኩሞ ሽሻይ ክመጽኣኩም እዩ፣" "ሽግርኩም ክቕንጠጥ እዩ፣" ወዘተ። ብዓይኒ ስነ ኣእምሮ ግን ሕልሚ ናይ ሕሉፍ ኣተና እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ ሓደ ኣገባብ ናይ ስነ ኣእምሮኣዊ ፍወሳ ወይ መበርበሪ ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮ ዝጥቀሙሉ።

ኣገዳስነት 'ውኑ ኣልቦ' ክፋል ኣእምሮና

ብሓደጋ ይኹን ካልእ ሃንደበት ጸገም ካብ ውኑ ዝወጽአ ሰብ ኣብ "ኮማ ኣትዩ" ንብሎ። እዚ ማለት ካብ ውኑ ወጻኢ ዝርከብ ክፋል ኣእምሮና እናሰርሐ እቲ ብውነና እነካይዶ ንጥፈታት ግን ካብ ስራሕ ቦኺሩ ኣሎ ማለት'ዩ። ብውነና ዝካየድ ንጥፈታት ከም እንበልዖ መግቢ ምምራጽ፡ ኣብ ስራሕ ዝተዋህበና ንጥፈት ምዕያይ፡ ሕቶታት ምምላስ፡ ማሕበራዊ ርክባት ምክያድን ካልእን የጠቓልል። ብትሕተ ውነና እነካይዶ ንጥፈታት ከኣ ሰብነትካ ምሕጻብ፡ ብልሙድ መገዲ ምጉዓዝ ወይ መኪና ምዝዋር፡ ብምስካ ምስ ተጸዋዕኻ ግብረ መልሲ ምሃብን ካልእን የጠቓልል። ትሕተ ውኑ ዝካየድ ንጥፈታት ልክዕ ከም ብዘይ ውኑ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ብዘይ ናትና ቊጽጽር ዝሰላሰል ንጥፈታት እዩ። ካብቲ ምሉእ ብምሉእ ብዘይ ውነና ዝካየድ ንጥፈታት (ዑደት ደም፡ ምስትንፋስ፡ ህርመት ልቢ፡ ወዘተ) ዝፈልዮ ረቛሒ፡ ክንቅይሮ ኣብ እንደልየሉ ግዜ ክንቅይሮ ወይ ከነመሓድሮ ዝሓሸ ተኽእሎ ስለዘሎና እዩ። ትሕተ ውኑ፡ ኵሉ ብልምዲ ዝሰራሕ ስራሕን ዝጥረ ባህርያትን እዩ ዘመሓድር። ስለዚ ነዚ ልምድን ባህርን ክንቅይሮ ኣብ እንደልየሉ እዋን፡ ነቲ ብተደጋጋሚ እንገዮ ዕዮ ገዲፍና ካልእ ምስ እንጅምርን ብዘይ ምቁራጽ እንደጋግሞን ክቕየር ይኽእል። እቲ ምሉእ ብምሉእ ብዘይ ውነና ዝዕመም ንጥፈታትን ረቀቕቲ ዕዮታትን ግን ገሊኡ ከነመሓድሮ እንኽእል ገሊኡ ከኣ ከነመሓድሮ ተፈጥሮ ዘይዓደለናን እዩ።

ሰባት፡ ወዮ ድኣ ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ዝኸይድን ዘይንፈልጦን ነገራት ኣመና ዘሰግኣና ኮይኑ እምበር፡ ብዘይ ውነና ዝካየድ ንጥፈታት ንህወይትና መሰረታዊ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ኣብዚ ኣድህቦኻ ዝሰልብ ዘብረቕርቕ ዓለም፡ ውነና ከይተረፈ ክእመን ዘይክእል ክፋል ኣእምሮና ኮይኑ ይርከብ። ስለዚ ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮና ዝሰርሖ ስራሕ ንውነና እንተ ዝወሃብ ጥዑይ ስራሕ ኣይምሰርሐን። ህርመት ልብና ብውነና ዝምእዘን እንተዝኸውን፡ ፊልም ወይ ኵዑሶ ክንርኢ ምረሳዕናያ፣ ኣብ ግዜ ፈተና ብዛዕባ ዑደት ደም ዘኪሩ ዝከታተል ተመሃራይ ኣይምተረኽበን፣ ድሕሪ ኣድካሚ ናይ ስራሕ መዓልቲ ንምስትናፋስ ዘመሓድር ድርኺት ዝርከቦ ሰብ ኣይምሃለወን። ስለዚ፡ ፍልቀት ነዚ ብምርዳእ ዝበዝሕ ንጥፈታት ኣእምሮን ኣካልን ብዘይ ውነና ከም ዝካየድ ገይርዎ ይኸውን እዩ ዝብል ግምት ኣሎኒ። ተፈጥሮ ብጥበቡ ስራሕ ኣቃሊሉልና ኣሎ ኢልና ብዛዕባ ውኑ ኣልቦ ኣእምሮ ሽለል ምባል ግን ተመራጺ ኣይኮነን። ብዘይ ውነና ዝካየድ ንጥፈታት ኣእምሮና፡ ምፍላጡ፡ ምርዳእን ብመጠኑ ምምእዛንን ኣገዳሲ እዩ።

ጸጋታት ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮ ልክዕ ከም ዘይተበርበረ ማዕድናት ትሕቲ መሬት ክንሓስቦ ንኽእል። ክትብርብሮ ሓያል ጻዕሪ ዝሓትት ግን ክቡር ማዕድናት። ካብ ማዕድናት መሬት ዝበልጸሉ ክፋል'ውን ኣሎዎ። ማዕድን መሬት ተበርቢሩ ዝውዳእ'ዩ፣ ድጉል ዓቕሚ ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮና ግን ዝያዳ ዝበርበርናዮ ዝያዳ ጸጋታት ናይ ምፍልፋል ዓቕሚ ኣሎዎ። ብግቡእ ምስ እንብርብሮን እንጥቀመሉን ከኣ በብደረጃኡ ንህይወትና ዝቕይር ጥቕሚታት ክንረኽበሉ ንኽእል። ገለ ካብቲ ጥቕሚታት፥

ኣብ ውልቃዊ ዕቤት

ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮ፡ ብተወርሶን ተመኵሮን ዝተኣከበ ሓበሬታ ሓቑፉ ዝርከብ ማዕከን-ዳታ ናይ ኣእምሮና እዩ። ኵሉ ዓሚቕ ሰረት ዘለዎ፡ ክብርታት፡ ሓያል ጉድኒ፡ ድኹም ጉድኒ፡ ድርኺት፡ መንነት፡ ወዘተ ኣብዚ ክፋል ኣእምሮና'ዩ ተኸዚኑ ዝርከብ። ስለዚ ነዚ ክፋል ኣእምሮና ምፍላጥን ኣብ ጥቕሚ ምውዓልን ማለት፡ ምሉእ ዘወረስናዮን ዝተማሃርናዮን ፍልጠትን ተመኵሮን ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ማለት እዩ። ነዚ ሃብቲ ከም ዘሎና ዘይምፍላጥ ከኣ ጸጋታትካ ንምብኻንን ትሕቲ ብቕዓትካ ንምንባርን ክፈርድ ይኽእል።

ኣብ ዝምድናታት

ኣብ ዝምድና፡ ዘሎካ ኢኻ እትህብ። ገንዘብ ጥራይ ዘሎዎ ሰብ፡ ብገንዘብ ዝምድና ክገዝእ ክፍትን እትጽበዮ ባህሪ እዩ። ሓበሬታ፡ ፍልጠት፡ ተመኵሮ፡ ወዘተ ዘሎዎ ሰብ ከኣ ዘሎዎ ጸጋታት ንውሕስነት ዝምድናኡ ክጥቀመሉ ናይ ግድን እዩ። ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮኡ ብዝግባእ ዘፈልጥን ዝጥቀምን ሰብ፡ ንዝምስርቶ ዝምድና ዘደልድልን ኣብቲ ዝምድና ክብሩ ዘውሕሰሉን ዓቕሚ ስለዘሰንቐ፡ ድልዱል ዝምድና ክምስርት ይኽእል። ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮና ምስ ተፈጥሮና ዝዓሞቐ ዝምድና ስለዘሎዎ፡ ዝያዳ ብዝፈለጥናዮ ዝያዳ ህይወት፡ ሰብኣውነትን ባህሪ ሰብን ክንርዳእ ይሕግዘ። ብኡ መንጽር ከኣ ስምዒት ሰብ ብምንባብ ለዋሃት ክንብረና ይኽእል።

ኣብ ጥዕና ኣእምሮ

ኣብ ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮና ኵሉ፡ ጽቡቕን ሕማቕን፡ ሓበሬታ'ዩ ዝርከብ፣ ዘጨንቐና፡ ዘፍርሓና፡ ተስፋ ዘቑርጸና፡ ወዘተ። ነዚ ኣሉታዊ ተመኵሮ'ዚ ኣብ ምምሕዳር ከኣ ናቱ ኣገባብ ብምፍጣር የመሓድሮ። ዝያዳ ነቲ ትሕዝቶታት ብዝፈለጥናዮ ዝያዳ ዝሓሸ ናይ ምምሕዳር ኣገባብ ክንረኽበሉ ንኽእል። እዚ ከኣ ብቐጥታ እወታዊ ጽልዋ ኣብ ጥዕና ኣእምሮና ከኸትል ይኽእል። ንኣብነት፥ ኣብ ግዜ ቊልዕነትና ከልቢ ኣሰንቢዱና እንተ ነይሩ፡ ከልቢ እንክንርኢ ክንሃድምን ከልቢ ዝበሃል እንስሳ ከነወግድን ኢና እንፍትን። እዚ ተመኵሮ'ዚ ብኻልእ ተመኵሮ ክሳዕ ዘይተተክአ ኣእምሮና በዚ መገዲ ጥራይ'ዩ ዝቕጽል። ከልቢ ክንፈርሕን ክንጸልእን ዝገብር ምኽንያት 'ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮና' ምዃን ምስ እንፈልጥ ግን ነዚ ኣገባብ ክንቅይሮን ከነመሓይሾን ንኽእል። ምስ ዘይንፈልጥ ግን ወትሩ ነቲ ኣብ ውኑ ኣልቦ ክፋል ኣእምሮና ተኸዚኑ ዘሎ ዘሰንብድ ተመኩሮ ዳግማይ ህይወት ከምዘሰኩዕ ብምግባር ኣእምሮናን ልብናን ከነሳቒ ንነብር።

ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ትሕቲ 15 ዓመት ሊግ ደቂ ኣንስትዮ ቀጺሉ

ሳልሳይ ሰሙን ሊግ ደቓኣዝያ ትሕቲ 15 ዓመት፣ ዙላፈ ሰንበት ኣብ ሜዳታት ስታድዮም ኣስመራን ሜዳ ሃገራዊ ፊደረሽን ቀጺሉ ወዲኡ።

ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ውድድሮን ዙርያ ጋንታታት ጎይይፍን ኣኽሪያን ድማ ጎይይፍ ካብ ዲቦራ ብርሃኔ ሳልዋ ከሊፋ፣ ፅቦን ፍሰሎን ህያብ ሃብተጼንን ኣርነት ሹዩታት ብምርኻብ 4ብ1 ተዓዊታ። ንኡኽ ሹዩ ኣኽሪያ ድማ ሉልያ በርሀ ኣመዝጊባታ።

ቀጺለን ዝርከቦ ጋንታታት ድማ ማይተመናይን ዕዲጋ ሓመብን እየን ነይረኣ። ማይተመናይ ድማ ብበረሓ ወጽኢት 4ብ0 ርእሰ ኣቑዲዓ ወጺኣ። ሹዩታታ ድማ ብመንዲ በተኤል መልጌታ፣ ዌና ኤርምያስ ኣወሪነ ሚሮንን ኤልሃና ኣብራሃምን እያ ረኸባዝኔ።

ኣብ ሜዳ ሃገራዊ ፊደረሽን ቀዲመን ውድድሮን ዙዩዳ ጋንታታት በሬኽ ምስ



ታለንት ዞባ ማእከል ኮይኑ ታለንት ዞባ ማእከለ ብኬልተ ሹዩታት የርኀበድ ሃብየም ተሓጊዝ ኣብ ልዕሊ በርኽ 2-1 ተዓዊታ። በርኽ ካብ ስፈት ዘይተናኸፉ ሓንቲ ሹዩ ካብ የሳን ተሸኒይ ኣመዝጊቡ።

ድሕሪዚ፡ ግዮም ኣርነት ኣስመራ ምስ ኣቩኻል እየ ቀጺሉ። ኣቩኻል ምዱብ ግዜ ተዘዚሙ። ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ካብ ገለላ ሞገስ ብዘመዘበሉ እኽ ሹዩ ተሓጊዝ ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ 1-0 ተዓዊታ።

ቶረስ ናብ ኣትለቲኮ

ፒኤሰጂ ኣብ ጥሪ ንዘኽፈት መቕትዕ ምስየጋገር ተጻወትቲ ንኣጥቃዓያ ፈረንሳ ቶረስ ናብ ኣትሉቲኮ ማድሪድ ክትሽጥ ድልውቲ ምህላዋ ይንገር ኣሉ። እዚ ሰዓርኛዊ ኣጥቃዓይ ኣብ ፒኤሰጂ ነይሩ ትጽበት ዝዘንብረሉ ብቑዓቲ ኮርኢ ተጸገሙ ምህላዉ እዩ ዝሕብር። ይኹን እምበር ንመጻኢ ኣመልኪቱ ብዘየፈለየ ወኽኒ ገቑርብ ዘሎ ጸብጽዮ፣ ኣብ ፈረንሳ ሰፊሕ ክትዕ ኣለዎንሉ ምህላዉ ይፍለጥ።

ካብ ባርነሎና ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ፒኤሰጂ ዝዘጸንረ ቶረኔ ኣብ ልቢ ኣልጣሽን ድኽነትን ናይታ ክለብ ክኣቱ ዓቑብ ኮይንዎ ኣሉ። ቶረኔ ናብ ፒኤሰጂ



ካብ ገጽገር ዛቢት ሸወዳት ሹዩታት ጥራይ እዩ ኣመዝቢቡ ዘሎ። ድሕሪ 20 መሳቱረም ሹዩ ከመዘምኦ ዘይክኣለ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ምስ ምዃሕ ግዜ ብደርቂ ሹዩታት ክኣመየ ሚሪሑ። እዚ ተረኽቦ'ዚ ድማ ምስ ፒኤሰጂ ዘለዎ መጻኢ ሕዮታት ከሰዓል ድሕሪ ምጽናሑ ኣትሉቲኮ ማድሪድ ክትሽጥ ኣብ ልዕሊ'ዚ ተጻዋታይ ተገዳስነት ብምሕዳር ንምፍራሙ ተብዒሉ ክትወስድ ቅርብቲ ምህላዋ ጸብጽዮ ሰዓርኛ ዝኸበሮ ቀርበ።

እዚ ይኹን እምበር ፒኤሰጂ ንኡዮ ኣትሉቲኮ ቅልጠፍ ምላሽ ክትህብ ተጸጊማ ምህላዋ ምስ ጋንታ ቀርነት ዘለምም ወኽናት ይገልጹ። ኣማኻሪ ፒኤሰጂ ሉዊስ ካምፓስ ብወኹ፡ ክለቡ ነቲ ተጻዋታይ ብዘተሓሳሰብ መጠን ክትሽጥ ነም ዘይደሉ፡ ብምሕዙ፡ ኣትሉቲኮ ቀሊል ዋጋ ክትጸብ ነም ዘይብሉ ዘገመት ዘረባ ኣተንብሁ ኣሉ።

"ኑሳ፡ ምሳናን ክጸንሕ'ዩ" ለጥዚግ

ጀርመናዊት ክለብ ኣርቢ ለንዝግ ንናርወጀዊ ኣጥቃዓያ ኣንየሂያ ኑሳ ናብ ዝቦኾት ጋንታ ኣሕሊፉ ነም ዘይተሳነ ኣፍሊጣ ኣሉ። ኑሳ ኣብ ዙላፈ ቅንያት ኣብ



ጥሪ ንዝኽፈት መቕትዕ ምስየጋገር ተጻወትቲ ናብ ዕዲጋ ክወርድ ነምዝኾኽል እዩ ክንገረሉ ጸጊሑ። ይኹን እምበር ጋንታኡ ሉዘዚዔ ነሳ ኣብ ሕቑፊኣ ነም ገጽንሕ ብምሕዙ፡ ናብ ክለብ ኣርሰናል እታ ብቑዓምነት ኣብ ታሪጌት ኣኣትዮዮ ዘላ ጋንታ እዩ።


እዚ ኣጥቃዓይ ኣብ 15 ግቦምት ሸዩኡነት ሹዩታት ብምምዚጋብን ሸሞንተ ንጽዩ ዝኾና ክለብ ኣርሰናል እታ ብቑዓምነት ኣብ ታሪጌት ኣኣትዮዮ ዘላ ጋንታ እዩ።

እዚ ተረኽቦ'ዚ ድማ ምስ ፒኤሰጂ ዘለዎ መጻኢ ሕዮታት ከሰዓል ድሕሪ ምጽናሑ ኣትሉቲኮ ማድሪድ ክትሽጥ ኣብ ልዕሊ'ዚ ተጻዋታይ ተገዳስነት ብምሕዳር ንምፍራሙ ተብዒሉ ክትወስድ ቅርብቲ ምህላዋ ጸብጽዮ ሰዓርኛ ዝኸበሮ ቀርበ።

እዚ ይኹን እምበር ፒኤሰጂ ንኡዮ ኣትሉቲኮ ቅልጠፍ ምላሽ ክትህብ ተጸጊማ ምህላዋ ምስ ጋንታ ቀርነት ዘለምም ወኽናት ይገልጹ። ኣማኻሪ ፒኤሰጂ ሉዊስ ካምፓስ ብወኹ፡ ክለቡ ነቲ ተጻዋታይ ብዘተሓሳሰብ መጠን ክትሽጥ ነም ዘይደሉ፡ ብምሕዙ፡ ኣትሉቲኮ ቀሊል ዋጋ ክትጸብ ነም ዘይብሉ ዘገመት ዘረባ ኣተንብሁ ኣሉ።

ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ናይታ ክለብ ፖርቱጋላዊ ሆዜ ሞሪኖ ኣብ ኩሉ ውድድራት ላሊጋ ዝተሳተፈ ቾመኒ ንምድሪድ ኣብ 205 ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ ክልተ ዋንጫ ንብልል ክለቡ ዓለሚ ክልተ ሱፐር ካፕ፣ ሻምፕዮን ላሊጋን ኪፓ ደል ሪይን ዝርከቦምም ሸሞንተ ዋናጩ ክትሓንር ልዑል ኣስተዋጽኦ ነም ዝገበረ ይንገር።

ሞሪኖ ካብ ማድሪድ ዝወጸሉ ምኽንያት ገሊጹ



ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ሆዜ ሞሪኖ፡ ኣብ ክራምት 2013 ካብ ሜዳ ሳንቲያጎ በርናቡ ዝወጸሉ ምኽንያት ንሬልማ ገሊጾም። ሞሪኖ ቅድሚ እዚ መቕቲ ስፖርት ንማድሪድ ደገሙ ከሰልጥና ምህምማቦን መዝሙ ምርኻቡን ካብ 2010 ክሳብ 2013 ምስዘ ሰዓርኞት ክሳብ ነም ዝሸርሐ ዝኽእዎ እዩ። ይኹን እምበር ሞሪኖ ኣብ 2013 ዝ ጋንታ ገዲፉ ድሕሪ ምወጽኡ እዩ ኣብ 13 ዓመቱ ዋዕማይ ንማድሪድ ንምዕላም መዝሙ ተረኽቡ ዘሎ። ሞሪኖ ብዘሰባቲ ኣብ 2013 ካብዘ ክሳብ ዝወጸኣሉ ምኽንያት ዝገልጽ ዘሎ። ኣብ መኽፈቲ መመረቕታ ተመሊሶ ሮኧሸርነቲ ማድሪድ እዩ። ብመሳረት ጸብጹብ ጋዜጣ ሰፊን ሞሪኖ ምስታ ክሳብ ነጽንሕ ዘይደለዩሉ ምኽንያት ኣብዚ ግዜ ማድሪድ ካብ ሰዓኛ ወጺኡ ብሽመይ ሸነኽ ነም ትጥመት ንኽፈልጥን ክርዳን ነም ዙላዝ ኣብርህ። ነም ማድሪድ ዘኣመነሉ ግቡዕቲ ክሳብኡ ዓለምና ምምራሕ ዘምጹኡ ተጽእኖን ጸቅጠጋውን ዝጠቐሰ እዚ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኔ ኣብዚ ግዜ'ቲ ካብ ሰራሕ ምኣዩ ንውልቃዊ ድኽመታት ብሽመይ ክቑጻጸሮን ክዓለወሉን ክፈልጥ'ውን ነም ዙላዝ ገለጸ።

በዚ ምኽንያት ድማ ኣብታ ክለብ ዘሎም ዓሚቑ ዝንለበን ድሉታን ዳግማይ ክምለስ ነም ዝደረኾ ሓበሬ። ሞሪኖ ኣብ ማድሪድ ኣብ ገጽንሓሉ ሰለስተ ዓመታት ዋንጫ ላሊጋ ኮፓ ደል ረይ ነምኡ'ውን ሲፖኞሽ ሱፐር ካፕ ድሕሪ ምዕዋቱዩ ምስ ሓደሽ ኩንኑራቱ ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ 2013 ብኹይ ሓባር ምርድኣ ካብታ ክለብ ተፈላልዩ።

ፈርናንደዝ ብጉዳይ ሮናልዶ ይንእስስ

ሓሊቓ ጋንታ ማንቸስተር ዩናይትድ ፖርትጋላዊ በሩኖ ፈርናንደዝ ኣብ ግቦም ኔሽኣስ ሊግ ኣንጻር ዌልስ ዘርኣዮ እዩ ተቐበሉዎ። ዝኒ ዝተዓዘቡ ደጋፍቲ ሮናልዶን ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋልን ድማ እቲ ተግባር ዘይ ሰሰምዖራዊ



ምንቅስቓሱ ንክርስቲያኖ ሮናልዶ ዘኽሸወ ተግባር ተባሂሉ ነም ዝተኸሰ ተሓብሩሩ። ብመሰረት ጋዜጣ ዘ ሳን፡ ፈርናንደዝ ቀንዲ ኣርእስቲ ክሱ፡ "ክሮናልዶ ዘይምኽባር" ዝብል ኮይኑ፡ ፖርቱጋል ንዌልስ 3ብ2 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም ተቐይሩ ኣብ ዝወጸሉ ዝሸረ ግዜ ናይ ሓሊቓ ጋንታ መስለዩ ጨርቂ ንኽንሰሎ እናነበ ናብ ኮሚራ ቀረቡ።" ንመራሒ ጋንታ ሰኣሎ" ዝብል ናይ ኣቃጣጭ ዘረባ ድሕሪ ምፍናዉን እቲ ሰኣላይ ነቲ ፍጻመ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምልጣፉን እዩ።

እዚ ተግባር'ዚ ድማ ብብዙሓት ወገናት፡ ፈርናንደዝ ኣብ ልዕሊ ሮናልዶ ክብሪ ንዘይ ምኽብ ኮነ ኢሉ ዝገመር ተግባር ምዃኑ ወቒሶም።

ኣብቲ ኢጋጣሚ ካንሰሎ'ውን እንተ ኾነ ነታ ቅድሚ ፈርናንደዝ ሮናልዶ ኣብ ቅልጽሙ ዝኣረራ ዝሸረ መስለዩ ሓሊቓ ጋንታ ዝኾኦት ጨርቂ እናኣረረ ብኡሓቐ ምኽኒኡ ብምጥቃስ ኣብ ልዕሊ ፈርናንደዝ ክሲ የቐርቡ ኣለዉ።

እዚ ይኹን እምበር፡ ገለ ደጋፍቲ ናይ'ዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ እቲ ተግባር ሓጎስ ዝመንዘለሉ ዳኣላ እምበር ንሮናልዶ ንምንኣኣስን ክብሪ ንምኽላእን ነም ዘይፃነ ብምጥቃሱ ካንሰሎ ንፈለማ ግዜ ናይ ሓሊቓ ጋንታ መገሹት ምሓዙ ጥራይ ነም ዛዕባ የስሕቑም ነይሩ ክኸውን ነምዝኾኽል ርኢይቶ ሃያምሉ ኣለዉ።

በዚ ኾይኑ ቡቲ ብሰኽ'ዚ ዝጋሃር ዘሎ ተባራሪ ዘረባታትን ርኢይቶታትን ኣብ መንነ'ዞም ፖርቱጋላውያን ኣጥቃዕቲ ዘይተደልየ ምትፍናን ከሰዕብ ነምዝኾኽል ይግለጽ።

ፖርቱጋል ኣብ ግቦማት ኔሽኣስ ሊግ ንምድባ ብ15 ነጥቢ፡ ክትመርሖ ከሎ፡ ኖርወይን ዴንማርክን ብ9 ነጥቢ፡ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ዊልስ ድማ ብሰለስቲ ነጥቢ፡ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተቐሚጣ ትርከብ።

ጁመኒ ውዕሉ ኣሐዲሱ

ሪያል ማድሪድ ንፈረንሳዊ ናይ ማእከል ተጻዋታያ ኦረልየን ቾመኒ ሓዲሽ ውዕል ብምቐራብ ምስታ ክለብ ክጸንሕ ምዃኑ ትማሊ ሓመብ ኣፍሊጣ።

እዚ ሰንምቲ'ዚ ድማ ማድሪድ እቲ ተጻዋታይ ንመጻኢ ኣብ ትሰርዖም መደቡት ንምዕዋት ልዑል ግደ ንኽህልዎ ባይታ ዝፈጥር ኩነት ኮይኑ ቀሪቡ ኣሉ። ማድሪድ ዝ፡ ፈረንሳዊ ንሽዱሽተ ዓመታት ኮዘጽንሖ መዲባ ብምህላዉ፡ ቾመኒ ክሳብ 30 ሰ/ 2032 ጸንሑቱ ኣብ ሰዓኛ ክኸውን ዘኽእሎ እዩ።



ኣብ 2022 ካብ ፈረንሳዊት ክለብ ሞናኮ ናብ ማድሪድ ዝዘጸንረ ቾመኒ፡ ኣብ ማእከል ሜዳ ለትኩለኽኒ ካብዩዎም ብቑዓምነት ዝጥቀሱ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣብ ዘሎ ግዜ እዩ ዝ ሓዲሽ ውዕል ዝፍርም ዘሎ።

ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ትሕቲ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ናይታ ክለብ ፖርቱጋላዊ ሆዜ ሞሪኖ ኣብ ኩሉ ውድድራት ላሊጋ ዝተሳተፈ ቾመኒ ንምድሪድ ኣብ 205 ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ ክልተ ዋንጫ ንብልል ክለቡ ዓለሚ ክልተ ሱፐር ካፕ፣ ሻምፕዮን ላሊጋን ኪፓ ደል ሪይን ዝርከቦምም ሸሞንተ ዋናጩ ክትሓንር ልዑል ኣስተዋጽኦ ነም ዝገበረ ይንገር።

ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

መራሕቲ ሩስያ፣ ቻይናን ኣመሪካን ስሉሳዊ ዝርርብ ኣካይዶም

መራሕቲ ሩስያ፣ ቻይናን ኣመሪካን ጎድኒ ጎድኒ እቲ ኣብ ኩዓማ ሸንዝሆን - ቻይና ዝተኻየደ ዋዕላ ቀነባዊ ምትሕግጋዝ ሃገራት ኤሲያን ፓሲፊክን (APEC)፣ ትማሊ ሓሙስ ስሉሳዊ ዝርርብ ከም ዘካየዱ ተሓቢሩ።

ሰለስተኣም መራሕቲ ሃገራት፣ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ንኣስታት 90 ደቓይቕ ዝርርብ ከም ዘካየዱ ኪኣ ተፈሊጡ ኣሎ።



ርኽብ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፣ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግን ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕን፣ ጉዳይ ኩናት ዩክሬንን ኩናት ኢራንን ዝምለየ ዓለማዊ ዛዕባ ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ፣ ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ንግዲ ኣብ ዝተዛተየሉን እዋን ይኸይድ ብምህላዉ፣ እወታዊ ለውጢ ከምጽእ ተሰፋታት ተሰቢሩሉ ኣሎ።

ብዘይካ እዚ፣ ፕረዚደንት ፑቲን ጎድኒ ጎድኒ ዋዕላ 'ኣፔክ' ብዙናጸል ምስ ፕረዚደንት ሺን ፕረዚደንት ትራምፕን "ሃናጺ" ዝተባህለ ዝርርብ ምኽያዱ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ሺ ድሕሪ እቲ ስሉሳዊ ዝርርብ ንማዕከናት ዜና ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ እቲ ዙት "እወታውን ሃናጽን" ምንባሩ ድሕሪ ምሕባር፣ ሰለስተኣን ሃገራት ኣብ ምዕቃብ ኣህጉራዊ ሰላም ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ከም ዘለወን ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ሺ ወሲኹ፣ ሰለስተኣን ሃገራት ዘለወን ርኽብ ኩሒዩሉ፣ ብምትሕግጋዝ ኣቢለን ንሰላም ክንብንሳን ዝሓሸት ዓለም ንምህናጽ ከኣ ሓቢረን ክሰርሓን ጸዊዐ።

ብዘይካ'ዚ፣ ሰለስተኣን ሃገራት ንረብሓ ኩለን ሃገራት ዓለምን መጠን ቀረብ ዝተጻረየ ኑዮዲ ንምዕባይን ክሰርሓ መዲያን ከም ዘለዋ ኪኽበር እንከሎ፣ መፍረ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ብደረጃ ዓለም ንምንኪይ ከኣ ዙት ኩነታት ምኽንን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣመሪካን ቬንዝዌላን፣ ወተሃደራዊ ሰምምዕ ኩቲመን

ኣመሪካን ቬንዝዌላን፣ ኑቲ ቅድሚ 20 ዓመት ዝተበትከ ወተሃደራዊ ዝምድናኣን ዳግም ንምሕዳስ ከም እተሰማምዓ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሮድሪገዝ ኣብ ዝሃቡዎ መግለጺ፣ እቲ ሰምምዕ ንወተሃደራዊ ልምምድን ምምዕባል ወተሃደራዊ ኣጽዋር ኣብ ሃገራን ዘጠቓለለ



እቲ ወተሃደራዊ ምትሕብባር፣ ግዜያዊት ፕረዚደንት ቬንዝዌላ ደልሲ ሮድሪገዝን ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰትን ድሕሪ ዙርያ ዝርርብ እዩ ተኸቲመ።

ብተወሳኺ፣ ክልተኣም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኣብ ክልተኣዊ ዝምድና ናይ'ተን ሃገራት ኣመልኪቶም እውን ከም እተመያየጡ ተፈሊጡ ኣሎ።

ድሕሪ ዝርርቦም፣ ግዜያዊት ፕረዚደንት ሮድሪገዝ፣ እቲ ሰምምዕ ንወተሃደራዊ ልምምድን ምምዕባል ወተሃደራዊ ኣጽዋር ኣብ ሃገራን ዘጠቓለለ ምኽኒ ገሊጾ።

ፒት ሄግሰት ብወገኑ፣ እቲ ሰምምዕ እንተላይ ንኽልተኣን ሃገራት ዘሰግኡ ዓብረ ሸበራውያንን ገበኛታትን ንምቅላስ ዘኽእል ምኽኒ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ቬንዝዌላ ነዞ ሀጎ ቻቬዝ ኑቲ ካብ 1951 ኣትሒዙ ዝቐጸል ዝነበረ ሸርክነት ክልተኣን ሃገራት ክበትኑ ድሕሪ ምወሳኑ፣ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ናይዞን ሃገራት ኣብ 2005 ከም ዘቋረጸ ምንጭታት ይሕብሩ።

ሰ/ኮርያ፣ ንመደበር መጻረዩ 'ዩራንዩም' ተሰፍሐ

ሰሜን ኮርያ፣ እቲ ዩራንዩም ዘጻረ ንዩክሌሳዊ መደበራ ተሰፍሑ ከም ዘሎ፣ ኣህጉራዊ ትካል ኣቶምዊ ጸዓት ሓቢሩ።

ዳይረክተር ጀነራል ኣህጉራዊ ትካል ኣቶምዊ ጸዓት ራፋኤል ግሮሲ፣ ሰሜን ኮርያ ኑቲ ኣብ 'ዮንግብዮን' ዝርከብ ንዩክሌሳዊ መደበራ፣ ካብ ዝሓለፈ መፋርቕ መሳከረም ኣትሒዛ ከተሰፍሑ ከም ዝጀመረት ገሊጹ።

እቲ ሓዲሽ መግለጺ ኣህጉራዊ ትካል ኣቶምዊ ጸዓት፣ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ምስ መራሒ ሰሜን ኮርያ ከም ጆንግ ኡን ክራኸብ ድሌት ከም ዘለዎ ኣብ ዝገልጸሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝወሃብ ዘሎ።

ራፋኤል ግሮሲ፣ ኑቲ ኣብ መደበር መጻረዩ ዩራንዩም ሰሜን ኮርያ ይኸይድ ከም ዘሎ ዝሓበሮ ናይ ምስፋሕ መደብ "ኣሻቓሊ ጉዳይ" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።

ሰሜን ኮርያ፣ ኣባላት ኣህጉራዊ ትካል ኣቶምዊ ጸዓት ኣብ ንዩክሌሳዊ መደበራታ ዝኾነ ክትትል ከምኡይ ንዓመታት ከልኪሉዎም ከም ዘለ እዮም ጸብጸባት ዘመልክቱ።

ይኹን'ምበር፣ እቲ ኣህጉራዊ ትካል፣ ኣብ ልዕሊ ንዩክሌሳዊ መደበራት ሰሜን ኮርያ ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ክትትል ከም ዘካይድ እዮም ምንጮታት ዝሕብሩ።



ሰሜን ኮርያ፣ ኑቲ ኣብ ዮንግብዮን ዝርከብ ንዩክሌሳዊ መደበራ ዝተፈላለዩ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር እተፍርየሉ ማእከል ንዩክሌሳዊ መደባታ ምኽኒ እዩ ትገልጸ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሰሜን ኮርያ ቾ ሰን ሁይ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ ሃገሩ ንንዩክሌሳዊ ኣጽዋራ ከም ዝጻበየ ውሕስነት ልኡላውነታ ገይራ ከም እትቕጽሮ ድሕሪ ምሕባር፣ ኑቲ ብሃገራት ጉጅለ ሸውዓተ ዝተዋህበ - ሰሜን ኮርያ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ካብ ምምዕባል ክትቁጠብ ዝጠልብ መግለጺ ነጺግዎ።

ጋና - ብ60 ሚልዮን ዶላር ዝተዓደገት 'ነፋሪት ፕረዚደንት' ናዕቢ ኣለዓዒላ

ኣብ ጋና፣ ብዙሓት ዜጋታት ናይታ ሃገር ብሰንኪ ናህሪ ዋጋ ሃለኽቲ ነገራት እናተሳቐዩ እንከለዉ፣ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ግና ካብ ካዘና መንግስቲ ገንዘብ ኣውጺኡ ዋጋ 60 ሚልዮን ዶላር ሓዳስ ናይ ውልቂ ነፋሪት ድሕሪ ምዕዳን ኣብ ዜጋታቲ ሓያል ቁጥዐ ከም ዝተላዕለ ተሓቢሩ።

እታ ኣብ ፈረንሳ ዝተሰርሐት 'ፋልኮን 6X' ዝተባህለት ነፋሪት፣ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ናይታ ሃገር ከቢድ ክርክር ኣለዓዒላ ከም ዘላ ከኣ ይግለጽ ኣሎ።

ተቓወምቲ ሓይልታት ጋና እውን፣ ፕረዚዳንት ጆን ማሃማ ኑቲ ቀዳማኒታት ዝኾብኡ ጉዳያት ሃገሩ ብምትሳይ፣ ጸጋታት ናይታ ሃገር ኣብ ዘየድሊ ነገራት የጥዕሖ ከም ዘሎ ክሲሶምዎ ኣለዉ።

ይኹን'ምበር፣ መንግስቲ ጋና፣ ዕድጊ ናይታ ነፋሪት ኣድላዩን ግቡእን ምኽኑ እዩ ዝምገት ዘሎ።

እታ ዝሓለፈ ሰኑይ ናብ ጋና ዝኣተወት ሓዳስ ነፋሪት፣ ብበምባሪታት ማይ ብምጭንጋዕ እዩ ናይ ምቕባል ድሙቕ ሰነ ሰርዓት ተኻይዱላ።



ሑቲ፣ ኣብ ልዕሊ ሰዑዲ ዓረብ መጥቃዕቲ ይቕጽል

ኣብ የመን ዝሓየለ ሓይሊ ኮይኑ ዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፣ ኣብ ኩዓማ ሪያድ - ሰዑዲ ዓረብ ኣብ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርትን ፋይናንሳዊ ማእከልን ሰፊሕ መጥቃዕቲ ሚሳይል ከም ዘካየደ ሓቢሩ።

ኣብዘ ሰሙን እዚኣ ኣብ ኩዓማ ሰንዓን ካልኦት ሽሞንተ ዞባታትን የመን ኣብ ዝርከብ ሲቪላዊ ትካላት ዘካየዱዎ 87 መጥቃዕትታት ምኽኑ ኣረዲኡ።

ቡቲ መጥቃዕትታት ብወሓዱ ሰለስተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ከኣ፣ ኣፈኛ ሑቲ ያሕያ ሰሪዕ ብምሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዝዘርገሑ ሓበሬታ፣ እቲ ጉጅለ ኣብ 'ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንንሲ ካሊድ'ን ሓደ ፋይናንሳዊ ማእከልን መጥቃዕቲ ክፍጸሙ ሚሳይል ከም ዘካየደ ኣነጺሩ።

እቲ ኣፈኛ ወሲኹ፣ እቲ ኣብ ኩዓማ ሪያድ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ግቡእ መልሲ ናይቲ ሰዑዲ ዓረብ ብሑቲ እትመሓደር መደበር ቴለቪዥን 'ኣል-ማሲራህ' ሓቢራ ኣላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከለ፣ ኣብ የመን ዝርከብ ብሰዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ውተሃደራዊ ጥምረት፣ ናብ ኩዓማ ሪያድን ደቡባዊ ሰዑዲ ዓረብን ዘምርሓ ዝነበራ ብሑቲ ዝተወንጨፋ ክልተ ድሮናት ከም ዘበርዓነ ኣፍሊጡ።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ.
ፋርማሲ. ፍራ ኣውሊያ	20/11/2026	ጎደና ኣበይቶ ቁ.ዝ1 43 ልዕሊ. ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ	163485

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Zabur Printing Services